# ፕሮግራም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

**ብብሄራዊ ጉባኤ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝፀደቐ**

**ሕዳር 2016**

**መቐለ፣ ትግራይ**

## ትሕዝቶ ገፅ


መእተዊ ..... 3

ሓፈሻዊ ዕላማታት/ዓንድታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 10

ዝርዝር ትሕዝቶ ፕሮግራም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 11

1. ዕላማ፣ ራእይን ተልእኾን ..... 11

1.1. ዕላማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 11

1.2. ራእይ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 11

1.3. ልኡኽቶ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 11

2. ፖለቲካዊ ኣንፈታትን መርገፂታትን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 11

2.1. ርእዮተ-ዓለም ..... 11

2.2. ኣወዳድባ ፖለቲካዊ ሰርዓት ..... 12

2.3. ኣወዳድባ መንግስቲ ትግራይ ..... 13

ሕጊ መውፅኢ ..... 13

ተርጓሚ ሕጊ / ቤት ፍርዲ ..... 14

መፈፀሚ ሕጊ ..... 14

2.4. ሰብኣዊ መሰላት ..... 15

ሰብኣዊ መሰላት ..... 15

2.5. ማዕርነትን ናፃነትን እምነት ..... 16

2.6. ዴሞክራስያዊ መሰላት ዝምልከት ..... 16

2.7. ማሕበራት ሲቪክ ፣ ማሕበራት ሓፋሽን መሰል ምውዳብን ..... 16

2.8. መሰል ሓሳብ ምግላፅን መራኸብቲ ሓፋሽን ..... 17

2.9. ርክብ ትግራይን ፌደራል መንግስትን ..... 17

2.9.1. መትከላት ርክብ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ፌደራል መንግስትን ..... 18

2.10. ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ..... 18

2.11. ጉዳይ ኤርትራ ........ 19

3. ኢኮኖሚያዊ ፖለሲታትን መርገፂታትን ........ 20

3.1. ሓፈሻዊ ፖሊሲ/መትከል ........ 20

3.2. ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ........ 21

3.3. ኢንዱስትሪ ........ 23

3.4. ንግድን ዘፈር ግልጋሎትን ........ 23

3.5. ምሕደራ መንግስታዊ ዋንነት ዘለዎን ትካላት ........ 24

3.6. መሰረተ ልምዓት ........ 25

3.7. ልምዓት ከተማ ........ 26

3.8. ግብሪ ........ 27

3.9. ዋንነት መሬትን ካልኦት ሃፍቲ ተፈጥሮን ........ 27

4. ማሕበራዊ ፖሊሲታት/ኣንፈታት ........ 28

4.1. ትምህርቲ ........ 28

4.2. ጥዕና ........ 29

4.3. ፆታዊ ማዕርነት ........ 30

4.4. ኣወዳድባ ስቪል ሰርቪስ ትግራይ ........ 31

4.5. ሰራሕተኛን መስርሕን ዝምልከት ........ 31

4.6. ባህልን ስነ-ጥበብን ሓለዋ ቕርስታትን ........ 32

4.7. ሳይንስን ቴክኖሎጂን ........ 33

## መእተዊ

ህዝቢ ትግራይ ጥንታዊ ስልጣነ ዓለምና ካብ ዝቦኮሩ ህዝብታት ሓደ ምኳኑ ታሪኽ ዘጣለሎ ክዉን ሓቂ እዩ። ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዝቖሙ ጥንታዉያን ስልጣነታት ደኣማትን ይሓን ዘመናት ዝተሰገረ ናይ ህዝቢ ትግራይ ስልጣነ መርኣያታት እዮም። እዚ ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዝጀመረን ስያመ ንግስነቱን ማእኸል መንግስትነቱን እናለዋወጠ ዝመፀ ስልጣነ ሕመረቱ ትግራይ ጌሩ ኣድማሱ ናብ ኣርባዕቲኡ ኣንፈት እናስፍሐ እዩ ቀፂሉ። ብፍላይ ድማ ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ከባቢን ሰገርን ቀይሕ ባሕሪ ፅልዉኡን ግዝኣቱን እናስፍሐ ዝመፀ ስልጣነ ኣኽሱም ብራኸ ህዝቢ ትግራይ ኩልዕ ኣቢሉ ዘርኢ እዩ። መንግስቲ ኣኽሱም ኣብዚ ዘባ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ከባቢ ማእኸላይ ምብራቕን ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ካብ ዝነበሩ ህዝብታትን መንግስታትን ዝሓየለን ዝበርተዐን መንግስቲ ምንባሩ ብዙሓት ታሪኻዊ መረዳእታታት የብርሁ። ሕመረቱ ናይ ሐዚ ትግራይ ገይሩ ዝተደኮነን ኣብ ከባቢ ቀይሕ ባሕሪ ዝዓበየ ናይ ንግዲ ማእኸል ዝነበረ ወደብ ኣዶሊስ ዝነበሮ መንግስትነት፤ ንነውሕ ዝበለ ግዘ ግዝኣቱን ፅልውኡን ዓቂቡ ዘሊቑ እዩ።

እዚ ናይ ነዊሕ ዘበናት ናይ ስልጣነ ማእኸል ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ዓለምና  በዓል ዋና  ብርክት ዝበሉ ስልጣኔያዊ ሓድግታት እዩ። ፊደላት ሳባን ግእዝን፣ ዜማ፣ ካብ ከዉሒ ዝተፈልፈሉ ኣብያተ ክርስትያናት፣ ሓወልቲታት፣ መተዓዳደጊ ሳናቲምን ካልኦትን ነቲ ዘበን ብርቂ ዝነበሩን ፀግዒ ብራኽኡ ዝገልፁን ዝወነነ እዩ። ብተወሳኺ ካብ ደንደስ ቀይሕ ባህሪ ክሳብ ህንድን  ቻይናን ኢሉ እዉን ግሪክን ሮማን ዝተዘርገሐ ኣዝዩ ነዊሕ መስመር ንግዲ ብምዝርግሕ ኣብቲ እዋን መዘናታቱ ምስ ዝነበሩ ጎባልል መንግስታትን ህዝብታትን ናይ ንግዲ ርክብ ዘሰልጥ እዩ ኔሩ። ብቀንዱ ድሕንነት ግዝኣቱን ህዝቡን ዉሕስ ንምግባር ዘኽእል ድልዱል ወተሃደራዊ ሓይሊ ዝነበሮን ብኡ ልክዕ ድማ ሰፊሕ ግዝኣትን ብዙሕ ህዝብን ንምምሕዳር ዘኽእል ዓቕምን ተኽእሎን ዝነበሮ መንግስቲ ነይሩ።

ናይ ሎሚ ትግራይን ኤርትራን ማእኸሉ ዝገበረን ኣብ ዓለም ካብ ዝነበሩ ሓያላትን ስልጡናትን መንግስታት ሓደ ንምኳን በቒዑ ዝነበረ መንግስትነት ኣኽሱም ካብ ውሽጥን ደገን ብዝፍልፍሉ ተፃብኦታትን ሓደጋታትን ኣብ መበል 10ይ ክፍለ ዘበን ደው ኢሉ። ድሕሪ ውሱን እዋን ማለት እውን ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 11 ክፍለ ዘበን ማእኸል ሰርዓተ መንግስትነት ኣኽሱም ንደቡብ ገፅ ተሳሊዩ ናብ ከባቢ ኣገው ተዛዊሩ ቀፂሉ እዩ። ኣብዚ እዋን ንዘበናት ሕመረት ስልጣነ ዝነበረ ህዝቢ ትግራይ (ኩሎም ትግርኛ ተዛረብቲ ህዝብታት ዝሓዘ)

ኣብ ሓደ ግዝኣት፤ ኣኽሱም ዋና ከተምኦም ገይሮም ኣብ ትሕቲ ናይ ኣኽሱም ንጉሪ እድ ይመሓደሩ ነይሮም።

ምድኻምን ምፍራስን መንግስትነት ኣኽሱም ስዒቡ ኣብ ትግራይ ንነዊሕ እዋን ዝዘለቐ ደውታ ምንቁልቋልን ኣጋጢሙ እዩ። ይኹን እምበር ትንሳኤ ትግራይ ንምግሃድ በቢ ግዚኡ ዝተፈላለየ ኣወዳድባ፣ መበገስን ዕላማን ዘለዎም ምንቅስቓሳት ተራእዮም እዮም። ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ማሕበረ-ቁጠባውን ፖለቲካውን ደውታ በቲ ሓደ ወገን ናይ እምነት ሓርነት ንምርግጋፅ ዕላማ ብምሓዝ ኻልእ ሸነኽ ካብ መፋርቕ 13-15 ክፍለ-ዘበን ምንቅስቃሳት ደቂቀ ኤዎስታቴዎሳውያንን እስጢፋኖሳውያን ምጥቃስ ይከኣል። እዞም ምንቅስቓሳት ኣብ ትግራይ ዝነበረ ሕሱም ወድዓዊ ኩነታትን ካብ 13 ክ/ዘበን ጀሚሮም ግዝኣተ ሃፀይ ኣቢስንያ ዝመርሑ ዝነበሩ ነገስታት ሸዋን ዘዕረፍዎ ስርዓታዊ በደል ዝፈጠሮም እዮም። ስርዓታት ሸዋ ሃይማኖትን መንግስትን ብምልጋብ ዘሰጉምዎ ዝነበሩ መዳነዪ ስርዓተ ምሕደራ ብምቅዋም፤ ምንቅስቓሳት ደቂቀ ኤዎስታቴዎሳውያንን እስጢፋኖሳውያንን መንግስትን ሃይማኖት ክፈላለ፣ ናይ ስራሕ ፈጠራ ባህሊ ክኾንን ክበረታታዕን ኢሉ እውን ናይ ግእዝ ስነ ፅሑፍ ክዓቢ ናይ ባዕሎም ተራ ተፃዊቶም እዮም።

ካብ ካልኣይ መፋርቕ 13 ክ/ዘበን ኣትሒዙ ክሳብ መወዳእታ 17 ክ/ዘበን ኣካል ግዝኣተ ኣቢስንያ ኮይና ዝፀንሐት ትግራይ፤ ናይ ባዕላ ኣመሓደርቲ ዝነበርዋን ንፁር ወሰንን ግዝኣትን ሒዛ ቀፂላ እያ። ኣብዚ እዋን ትግራይ መኮነን፣ ባሕሪ ነጋሲ፣ ሹም ዝብሉን ካልኦት መፅውዕታትን ብዝነበሮም መራሕቲ ትምሓደር ነይራ። ትግራይ ማእኸል መንግስትነት ዋላ ኣይትንበር እምበር ኣብቲ ግዝኣተ ሃፀይ ዝነበራ ፅልዋ ዓብዪ እዩ ነይሩ። ነገስታት ሸዋ ብካልኦት ሓይልታት ዝበፅሖም ወተሃደራዊ ስዕረት ኣብ ምኽባስ ይኹን ዝተፈላለዩ ሓይልታት ዝገብርዎ ምስፍሕፋሕ ኣብ ምግታእ ናይ መወዳእታ ድፋዕ ኮይና ኣገልጊላ እያ።

ካብ 10ይ ክፈለ ዘበን ማእኸል መንግስትነታ ዝሰኣነት ትግራይ ብንፅፅር ዝሐሸ ናይ ምትሳእ ዕድል ዝረኸበት ብ18ን 19ን ክፍለ ዘበናት ነይሩ። ካብ ፈላማይ መንፈቕ መበል 18 ክፍለ ዘበን ክሳብ ፍርቂ 19 ክፍለ ዘበን ዝነበሩ ሓሙሽተ መራሕቲ፤ ህዝቢ ትግራይ ትግርኛ ንውሱን እዋን ሰላም ረኺቡ ናይ ምልማዕ ዕድል ክረክብ ኣኽኢሎምዎ እዮም። ራእሲ ዓምደ ሃይማኖት፣ ራእሲ ስሑል ሚካኤል፣ ራእሲ ወልደስላሰ፣ ደግያት ሱባጋድስን ደግያት ውቤን ጥቓ ሓደ ክፍለ ዘበን ካብ ዝኾነ ይኹን ብዘይ ናይ ግዳማዊ ሓይሊ ቁፅፅር ትግራይ ኣመሓዲሮምዋ እዮም። ኣብዚ ዘመነ ምሕደራ ሓሙሽቲኦም መራሕቲ፡ ትግራይ ከም ሃገር

ዝቖመትሉ ቁመና ፈጢራ ነይራ እያ። ካብ ወሰን ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ኣልውሃ ዝተዘርገሐ ንፁር ግዝኣት፣ ግዝኣታዊ ሓድነትን ብሄራዊ ህልውናን ትግራይ ዝሕሉ ዱልዱል ወተሃደራዊ ዓቕሚ፣ ምስ ወከልቲ መንግስታት በይናዊ ዲፕሎማስያዊ ርክብ ዝገብር መንግስታዊ ቅርፂ ምህናፅ ተኻኢሉ እዩ። ይኹን ድኣ እምበር ትግራይ ናብ ዕላዊ ሃገር ክወስዳ ዝነበረ ኩነታት ድሕሪ ደጊያት ውቤ ክቕፅል ኣይከኣለን።

ሃፀይ ዮሃንስ ብ1864 ኣ.ግ ንጉሰ ነገስት ምዃኖም ስዒቡ ትግራይ ድሕሪ ውድቀት መንግስቲ ኣኽሱም ማእኸል መንግስትነት ኮይና እያ። ብተወሳኺ ሃፀይ ዮሃንስ ድሕሪ ናይ መወዳእታ ንጉስ መንግስቲ ኣኽሱም ማለት እውን ኣምበሳ ውድም ንንጉሰ ነገስትነት ዝበቐዐ ናይ መጀመሪያ ትግራዋይ መራሒ እዩ። ዘበነ ሃፀይ ዮሃንስ ፍሉይ ዘብሎ ንበሪ ባሕሪ ዝተውሃቦ ጠመተን ናይቲ ነባር ትግራይ ኣካል ዝኾነት ምድሪ ባሕሪ ዝተውሃቦ ትኹረትን እዩ። ዘተኣማምን ስርዓት፣ ሓያል መንግስትን ዓድን፣ ዱልዱል ቁጠባን ወተሃደራዊ ዓቕምን ብዘይ በሪ ባሕሪ ከምዘይህነፅ ብምርዳእ ብወገን ሰሜን በሪ ባሕሪ ንምውሓስ ገፊሕ ዲፕሎማስያዊ፣ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ወፍርታት ተኻይዶም እዮም። ትግራይ ኣብ ዘበነ ሃፀይ ዮሃንስ ዝሓሸ ልምዓት፣ ሰላምን ምርግጋዕን ዝተጎናፀፈትሉ እዋን ነይሩ።

ንዉድቀት መንግስትነት ኣኽሱምን ንጉሰ ነገስት ዮሃንስን ስዒቡ ኣብ ትግራይን ኣብዚ ከባቢናን ዝተገሃደ ለውጢ ምናልባት ምስ ዝኾነ እዋንን ዘበንን መወዳድርቲ ዘይብሉን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ክፍለ ዘበን ዝተሰገረ ቁስሊ ዝገደፈን እዩ። ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ተሰላሊዑ፣ ውሽጣዊ ምምሕዳራዊ ሉዓላዊነት ትግራይ ሃደሽደሽ ኢሉ፣ ህዝቢ ትግራይ ናብ ክልተ ተኸፊሉ መጋበሪያ ጥልያንን ስርዓት ኢትዮጵያን ኮይኑ። ንዘበናት ፀኒዑ ዝቐፀለ ዓዲ'ቦ ናብ ክልተ ተገሚዑ። ብዘበነ ሚኒሊክ ድማ ብፍላይ ዝተወጠነ ትግራይ ናይ ምፍራስን ምጥፋእን ውጥን፤ ኣካል ነባር ግዝኣት ትግራይ ዝኾነ ምድሪ ባሕሪ ንጥልያን ተሃጊሩ፣ ምዕራብ ትግራይ ናብ ቤጌምድር ዝበሃል ግዝኣት ተቖሪሱ ዝተወሰደ እንተኸውን በቢግዚኡ ድማ ብርክት ዝበሉ ግዝኣታት ትግራይ ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ብሓይሊ ተወሲዶም እዮም። ብውዕሊ ሚኒሊክን ጥልያንን ናብ ክልተ ዝተኸፈለ ህዝቢ ትግራይ ትግርኚ ኣብ ከይዲ ተጠማመትቲ፣ ተፃባእትን ተታኸንትን ሓይልታት ኮይኖም ክቐፅሉ መሰረት ተነቢሩ። ብቐንዱ ትግራይ ኣብ ታሪኽ ብዘይነበረትሉ ብርኪ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ጂኦግራፊያው ምምሕዳራውን ወሰን ኮይና።

ሞት ሃፀይ ዮሃንስ ኢትዮጵያ ስዒቡ ዝተፈጠረት ሓዳሽ ግዝኣተ ሃፀይ ኢትዮጵያ ብዋጋ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ዝቆሞት ምዃና ዘማትእ ኣይኮነን። ድሕሪ መጋቢት 1881 ኣ.ግ ናይ ትግራይ ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ

ተፀንቂቑ፣ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ተሰማዕነታ ወዲቑ፣ ወተሃደራዊ ቅልፅማ እውን ኣዝዩ ተዳኺሙ። ሕሱም ድርቅን ፖለቲካዊ ዘይምርግጋዕን ድማ ተሓዊስዎ ህዝቢ ትግራይ ማእለያ ንዘይብሉ መከራን ስቓይን ተቓሊዑ እዩ። ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ነዞም ፀገማት ዝፈጠሩ መዋቕራዊ ሕልኽላኻት ንምፍታሕ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ካብ ምግባር ኣይበኾረን። ናይዚ መርኣያ ድማ ኣብ 1930ታት ብደጊያት ሃይለስላሰ ግጉሳ ዝተገበረ ፈተነ ማለት እውን፣ እታ ነባር ትግራይ ሃገር ናይ ምግባር ውጥንን ፖለቲካዊ ተበግሶን እዩ። ደግያት ሃይለስላሰ ግጉሳ ብድጋፍ መንግስቲ እንግሊዝ ከግህዶ ዝወጠኖ ትግራይን ምድሪ ባሕሪን ካብ መግዛእቲ ሽዋን ግዝያዊ ምምሕዳር እንግሊዝን ናፃ ኣውፂእኻ ሃገር ናይ ምቛም ዕላማ ድሒሩ ብዝሰዓበ ናይ እንግሊዝ ተቓውሞን ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ደውታን ናብ ተግባር ክልወጥ ኣይከኣለን። ኣብ መፋርቕ 1930ታት ዝተወልዐ ዝተወደበ ቃልሲ ተጋሩ ቀዳማይ ወያነ፤ ብብረታዊ ቓልሲ ኣቢልካ መግዛእቲ ሽዋ ብምቅላስ ግዝኣት ትግራይ ናይ ምምላስ፣ ምምሕዳራዊ ነፃነት ትግራይ ምርግጋፅን ብሄራዊ ክብሪ ተጋሩ ናይ ምዕቃብን ዕላማ ዝትሓንገጠ ይኹን እምበር፤ ነባር ትግራይ መሊስካ ሓደ ናይ ምግባር ኮነ ሓዳሽ ሃገር ናይ ምቛም ዕላማ ኣይነበሮን። ሕመረት መቃለሲ ዛዕባ ቀዳማይ ወያነ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት በደላት ካብ ዝፈፀሙ፣ ትግራይ ድኻ ክትከውን ካብ ዝገበሩ፣ ምድሪ ባሕሪ ንጥልያን ዘሀገሩ፣ ፖለቲካዊ ትካላት ትግራይ ብምጥፋእ መሳፍንቲ ትግራይ ነኒርእሶም ክታኸኑ ሓዊ ዝኣጎዱ ገዛእቲ ሽዋ ብምውጋድ ናይ ትግራይ መንግስቲ ናይ ምምላስ ቃልሲ እዩ ነይሩ። ኣብ 1940ታት ብራእሲ ተሰማ ኣስበሮም ዝምራሕ ውድብ ሊበራል ፕሮግረሲቭ ፓርቲ ነባር ትግራይ ዘጠቓለለ ትግራይ ትግርኚ ዝበሃል ሃገር ንምቛም ዝቃለስ ውድብ ነይሩ። እዚ ታሪኻዊ፣ መንነታውን ካልኦት ጭቡጣት መርትዖታትን ብምቕራብ ብሰንኪ ሚኒሊክን ጥልያንን ከምኡ እውን ብስንፍና መራሕቲ ትግራይን ምድሪ ባሕሪን ናብ ክልተ ዝተኸፈለ ሓደ ህዝቢ ናብ ንቡርን ሓቀኛን ስፍርኡ ንምምላስ ይቃለሱ ነይሮም።

ምንቅስቓስ ተምሃሮ ኢትዮጵያ ኣብ 1960ታት ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝተፈጠርሉን ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስታት ድማ ልዕሊ ቁፅሮም ፅልዋን ናይ መሪሕነት ግደን ዝወሰድሉን እዩ። ከም ውፅኢቱ ድማ ኣብ መጀመሪያ 60ታት ማሕበር ፖለቲካ ተጋሩን ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይን ዝበሃሉ ውዳበታት ተፈጢሮም። እዞም ብተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ዝተፈጠሩ ውዳበታት ስዒቦም ናብ ግንባር ገድሊ ሓርነት ትግራይ (ግገሓት)ን ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ (ተሓህት)ን ዝተለወጡ ውዳበታት እዮም። ግገሓት ክልቲኡ ትግርኛ ተዛራቢ ህዝቢ ዝሓቖፈ ሃገር ንምምስራት ፖለቲካዊ ዕላማ ተሓንጊጡ ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረ እንትኸውን፤ ተሓህት/ህወሓት ብግዲኡ መሰል ርእሰ ትግራይን ብሄረ ሰባት

ኢትዮጵን ንምርግጋፅ ንግገሓት ስዒቡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ጀሚሩ። ግገሓት ቃልሲ ኣብ ዝጀመረሉም ናይ መጀመሪያ ዓመታት ቃልሲ ናፅነት ትግራይ ብዝፃብኡ ሓይልታት ብዝተወሰደሉ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ጠፊኡ። ብኻልእ መዳይ ህወሓት ዝመርሖ ቃልሲ ካልኣይ ወያነ ትግራይ ን17 ዓመታት መሪር ተጋድሎ ብምግባር ውተሃደራዊ ዓቕምታት ስርዓት ደርጊ ብምድምሳስ ስርዓት ለዊጡ። ኣብዚ ናይ 17 ዓመታት ዕጥቃዊ ቃልሲ ፍሉይ ጅግንነት፣ ብሄራዊ ሓበን ስሚዒትን፣ መስዋእትነትን ተጋደልቲ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ዝተርኣየሉ ታሪኻዊ ፍፃመ እዩ።

ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ዘመዝገቦ ወተሃደራዊ ዓወት ናብ ዘላቒ ፖለቲካዊን ብሄራውን ዓወት ኣይተለወጠን። እዚ ማለት እቲ ን17 ዓመታት ዝተኻየደ ምልኣተ ህዝቢ ዝተሳተፈሉ ብሄራዊ ቃልሲ፤ ህዝቢ ትግራይ ዝተመነዮ ወሑስን ዘላቒን ሰላም፣ ዴሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ልምዓትን ፍትሓዊ ተጠቃምነትን ኣየረጋገፀን። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ጠቕላሊን ገባትን ስርዓትን ብደሙ ለዊጡ ፌደራላዊ ስርዓት ዋላ'ኳ እንተተኸለ፣ ብተግባራትን ባህርን እቲ ናብ ስልጣን ዝደየበ ሓይሊ በቲ ሓደ ወገን ኣብታ ሃገር ኣብ ሞንጎ ብሄራትን ፖሎቲካዊ ሓይልታትን ዝነበረን ዝቖፀለን ተፈጥሮኣዊን ዘይተዓረቕን ናይ ባህግን ድሌትን ፍልልይ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ ህዝቢ ትግራይ ናብ ኣዝዩ ዝበኣሰን ዝተሓላለኸን ፀገም ክኣቱ ክኢሉ እዩ። እቲ ብኣርሓነት ህወሓት ዝተመሰረተ ፌደራላዊ ስርዓት ብወድባዊ ኣሰራርሓ ተቐይዱ ዝያዳ ምእኹል ዋላ'ኳ እንተነበረ መዋቕራዉን ተፈጥሮኣውን ፀገማት እታ ሃገር ኣብ ግምት ዘእተወ ስለዘይነበረ ዘላቒን ዘተኣማምንን መፍትሒ ክኸዉን ኣይከኣለን።

እቲ ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ስልጣን ዝፀንሐ ፖሎቲካዊ ሓይሊ፣ ዘማእዘኖ ስርዓትን ዘቖሞ መንግሰትን ወፅኢቱ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ዘርኢ ምፅናት ኮይኑ እዩ። ስለዚ ፍልፍል እቲ ፀገም 1983 ኣ.ግ. ኣብ ዝተኸምበተ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ብዘላቕነት ናይ ምፍታሕ ዕድል ይንበር ድኣ እምበር ስኣን ብሄራዊ ዕላማ ዝተሰከመ ፖለቲካዊ ዉዳበ እቲ ዕድል ክባኸንን እቲ ኩነታት መልክዑ ለዊጡ ኣብ ዝተናዉሐ እዋን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፍኣ ሓደጋ ናብ ዝበፀሐሉ ብርክን ተኽእሎን ክዓቢ ክኢሉ እዩ። ብድምር ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ክብሩን መሰሉን ንምኽባር ብረት ኣልዒሉ ንምቅላስ ሰገጥ መገጥ ዘይብል ኣዝዩ ጅግና ተቓለሳይ ህዝቢ እኳ እንተኾነ ሰኣን ብቁዕ፣ኣማታይ፣ ብሄራዊ ዕላማ ዝሓንገተ ፖለቲካዊ ዉዳበ ግዳይ ብረታዊ ቃልሱን መስዋእቱን ክኸዉን ክኢሉን እዩ።

ወተሃደራዊ ዓቕሚ ስርዓት ደርጊ ምስፈረሰ መሪሕነት ህወሓት እታ ሃገር ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት ወሲዱ። ካብ ተሳትፎን መሪሕነትን ህወሓት ህልውና ዘይነበሮ መሰጋገሪ መንግስቲ ቆይሙ ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ነታ ሃገር ኣመሓዲሩ። ሽግግር መንግስቲ ስዒቡ ናብ ስልጣን ዝወፀ ህወሓት ኣባል ዝኾነሉ ስርዓት ኢህወዴግ እውን እታ ሃገር ብሄር መሰረት ዝገበረ ሓዱሽ ኣቋውማ ኣተኣታትዩ። እዚ ሓዱሽ ኣቋውማ መዕሊቢኡ ናይ ሓደ ፖለቲካን ኢኮኖሚን ማሕበረሰብ ምግሃድ ኮይኑ፡ ብትሕዝትኡ ድማ ናይታ ሃገር ሓድነት ንምፅናዕ ዝዓለመ እዩ። ህወሓት ኣባል ዝኾነሉ ስርዓት ኢትዮጰያ ብሄር መሰረት ዝገበረ ክልላዊ ኣወቓቕራ ዋላ የታኣታቱ እምበር ብተግባር ናይ ብሄራት መሰል ርእሰ ውሰነ ዘኽብር ስርዓት ኣይነበረን። ከም ውፅኢቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት እታ ሃገር ዝተልዓሉ ምስ መሰል ርእሰ ውሰነን ዓርሰ ምሕደራን ዝተኣሳሰሩ ሕቶታት ብሓይሊ ንምጭፍላቅ ይንቀሳቐስ ነይሩ። ኣብ ኦሮሚያ ዝነበረ ናይ ኦነግ ምንቅስቃስ፣ ክልል ሶማል ኣብ መፋርቕ 1980ታት ዝነበረ ናይ ህዝበ ውሰነ ሕቶታት፣ ንብዙሕ ዓመታት ዝዘለቐ ናይ ሲዳማ ናይ ክልልነት ሕቶን ካልኦትን ዝተዓፈኑሉ መንገዲ ናይቲ ስርዓት ባህሪ ዘርኢ እዩ። ብቅርፂ ናይ ብሄር ፌደራሊዝም ብግብሪ ኣሃዳዊ ዝኾነ ስርዓት ቆይሙ፤ ነቶም ኣብ ክልተ ጫፍ ዝረገፁ ሓይልታት ኢትዮጵያ ማለት እውን ኣሃዳውያንን ብሄር ተኮር ሓይልታትን ቅቡልነት ዝረኸበ ኣይነበረን።

በዓል ዋና ኣብ ኢትዮጵያ ዝመፀ ናይ መንግስቲ ለውጢ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ እውን ተረባሓይ ኣይኮነን። ንኣስታት ክልተ ዓሰርተታት ብኲናት ዝባደመት ትግራይ ብዘላቕነት ትሓውየሉ ዝተፈለየ ናይ ልምዓት ፕሮግራም ኣይተቐረፀን። ብዙሕነት ውድባት ዘፍቅድ ኣሳታፋይ፣ ሓቋፋይ፣ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ኣይተተኽለን። ናይ ትግራይ ብሄራዊ ረብሓታት በቢብርኩ ዘረጋግፅ ብሄራዊ መንግስቲ ኣይተጣየሸን። ኣብ ክንድኡ ብዝሓ ሓሳብን ውዳበን ዝኽልክል ናይ ሓደ ውድብ ስርዓት ተሃኒፁ። ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ዘሰስን፣ ዘረጋግፅን ዘደንፍዕን መንግስቲ ጠፊኡ። ድኽነት፣ ስእነት፣ ድንቁርናን ስደትን ትግራይ ትግለፀሎም ሓቅታት ኮይኖም ቀፂሎም።

ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ናብ ሓደጋ ዘእትው ሓይልታት ውሽጥን ግዳምን ብቕሉዕ እንትንቀሳቐሱ፡ ነዞም ሓደጋታት ዝገትእ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ፀጥታውን ተግባራት ይውገኑ ኣይነበሩን። ከምዝፍለጥ ግንቦት 1990 ኣ.ግ መንግስቲ ኤርትራ ዘንቀሎ ወራር ብቐንዱ ኣብ ልዕሊ ግዝኣታውን ብሄራውን ሓድነት ትግራይ ዘነፃፀረ እዩ ነይሩ። እቲ ኹናት ዘስዕቦ ሰብኣዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፀጥታውን ኪሳራ እውን ብኣውርኡ ኣብ ትግራይ እዩ። ነቲ ኩናት ስዒቡ ዝተፈጠረ ኩነተ <<ኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት>> እውን ቁጠባ ትግራይ

ክዳኸም፣ ኢንቨስትመንት ክቅህም፣ ስደት መናእሰይ ክዓብን ትግራይ ድማ ወተሃደራዊ መዓስከር ክትኸውንን ተገዲዳ እያ።

ኣብ ፍፁም ተፃብኦ ዝተመስረተ ፖለቲካ ኢትዮጵያ እውን ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዘነፃፀረ እዩ ነይሩ። ካብ 1996 - 98 ኣ/ግ ዝነበረ ናይ ፅልኢ ጎስጓስ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ ኣብ ፍፁም ፀረ ትግራይ ዝተደረኸ እዩ ነይሩ። ከም ውፅኢቱ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ተጋሩ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኢትዮጳያ በዞም ሓይልታትን ሰዓብቶምን ተቐቲሎም። ሃፍትን ጥሪትን ተጋሩ ተዘሚቱን ዓንዩን። ሞራል፣ ማሕበረሰባዊ ክብርን ታሪኽን ተጋሩ ክዋረድን ክናሽን ተገይሩ። ህወሓት፡ ብሄራዊ መሰረቱ ኩሎም ዓይነታት ጥቕዓታት እንትበፅሕዎ እዞም ጥቕዓታት እንትደጋገሙ ኣሚትካ ንምኽልኻል ይኹን እዞም ገበናት እንትፍፀሙን ሕጋዊ ስጉምቲ ንምውሳድ ኣይከኣለን።

እዚ ኹነታት ንውሱን እዋን ህድእ ስለዝበለ ብዙሕ ትግራዋይ ንኢንቨስትመንት፣ ውልቃዊ ዋኒንን መንግስታዊ ስራሕን ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ኢትዮጵያ ዝኸተተሉ ኩነታት ተፈጢሩ። ይኹን እምበር ካብ 2007 ኣ.ግ ኣትሒዙ ኣብ ኣምሓራን ኦሮሚያን ዝተለዓሉ ዓመፃት እቲ ስርዓትን ተጋሩን ብማዕረ ዒላማ ዝገበሩ ነይሮም። ከም ውፅኢቱ ድማ ካብ ጎንደር፣ ወልዲያ፣ ባህርዳር፣ መተማን ካልኦት ከተማታትን ኣምሓራ ኣማኢት ተቐቲሎም ኣማኢት ኣሽሓት ድማ ንብረቶም ተዘሚቱ ክባረሩ ተገይሩ። ብኻልእ መዳይ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይ ናብ ሓደጋ ዘእቱ ናይ ኣምሓራ መሬት ትግራይ ናይ ምግባትን ምጉባጥን ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ናብ ዝለዓለ ጠርዙ ዝበፅሕሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ። እዚ ናይ ነዊሕ እዋን መላፍንቲ ስልጣን ህወሓት ብዝኾነ ብኣዴን ብቐጥታ ድጋፍ እናተገበረሉ ልዕሊ ሓደ ሲሶ መሬትን ህዝብን ትግራይ ክምንዝዕ ዝዳሎ ዝነበረ ሓይሊ ኣብ እዋኑ መፍትሒ ስለዘይተነበረሉ ድሒሩ ንዝተፈጠረ ሰብኣዊ ህልቂት፣ ዕንወትን ዝምታን፣ ሃፍቲ፣ ዓሌት ምፅፃይ፣ ጎበጣን ብሄራዊ ሓደጋን ኮይኑ እዩ። እቲ ኹነታት እናተበኣኣሰ ከይዱ 2010 ኣ.ግ ብኦሮማራ ዝፍለጥ ስልታዊ ጥምረት ኦሮሞን ኣምሓራን ናብ ስልጣን ምምፅኡ ስዒቡ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝፍፀም ዝነበረ ጥቕዓት ስርዓታዊ ኮይኑ። ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ኣትሒዙ ድማ ናብ ዕላዊ ወፍሪ ዘርኢ ምፅናት ዓብዩ። ሚልዮናት ተጋሩ ግዳይ ሞት፣ ምምዝባል፣ ስደት፣ ኣካል ጉድኣት፣ ፆታዊ ጥቕዓትን ምስኣን ሃፍትን ንብረትን ዝገበረ ገበን ዘርኢ ምፅናት ተፈፂሙ።

ብድምር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ፡ ንፅንተት፣ ዘየቋርፅ ብሄራዊ ጥቕዓት፣ ስደት፣ ጥሜት፣ ምግምጫዕ ግዝኣታውን ብሄራውን ሓድነት ኢሉ እውን ንብሄራዊ ውርደት ዝዳረገና መዋቕራዊ ፀገም ንምፍታሕ

ዝተጣየሸ ውድብ እዩ። ውድብና ባህግን ዕላማታትን ወያነታት ትግራይ ዝተሓንገጠ፣ ህልውን መፃእን ድሌት ወሎዶ ምዕባለታት ቀጠናን ዓለምን እናንበበ ልምዕቲ፣ ተባሃጊት፣ ዲሞክራሲያዊትን ሃገረ ትግራይ ክሃንፅ ዝተለዓለ ብሄራዊ ውድብ እዩ። ነዚ ንምፍፃም ድማ ሕጋውን ሰላማውን ቓልሲ ብምስዓም ብመረፃ ውክልና ረኺቡ ትግራዋይ መንግስቲ ከጣይሽ ተበጊሱ ኣሎ። በዚ መሰረት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዞም ዝስዕቡ ሓፈሻዊ ዕላማታት ወይድማ ዓንድታት ኣቐሚጡ ኣሎ፡-

## ሓፈሻዊ ዕላማታት/ዓንድታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

- ብሰላማዊ መንገዲ ናፃን ዲሞክራሲያዊትን ሃገረ ትግራይ ምጥያሽ
- ድሕንነት፣ ብሄራዊ ሓርነት፣ ግዝኣታዊ ሓድነት ትግራይን ተጋሩን ምርግጋፅ
- ልምዓት፣ ፍትሕን ዴሞክራስን ምድንፋዕ
- ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ክብርታት፣ ስልጣነ፣ ስነ ጥበብ፣ ፍልስፍና፣ ቋንቋ ትግራይ ምድንፋዕ፣ ምልማዕ፣ ምዕቃብ
- ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋገፀ፣ ቁልጡፍ ዕብየትን ልምዓትን ከምኡ'ውን ዝተረጋግዐ ኢኮኖሚ ምህናፅ
- ጥዕንኡ ዝሓለወ፣ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝምህዝን ዝውንን፣ ዘመኑ ዝጠልቦ ፍልጠትን ክእለትን መሊኹ ፀብለልታዊ ብልሒ ዝዓተረ ገስጋሳይ ሕብረተ ሰብ ምፍጣር
- ምርግጋፅ ስምረት፣ ምሕዝነት፣ ምተእስሳርን ሓድነትን መፃኢ ዕድል ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን

# ዝርዝር ትሕዝቶ ፕሮግራም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

## 1. ዕላማ፣ ራእይን ተልእኾን

### *1.1. ዕላማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ*

- ብርትዕቲ፣ ክብርቲ፣ ሰላማዊት፣ ምዕብልቲ፣ ማሕበረሰባዊ ርግኣት ዝወነነት፣ መንነታዊ ዘላቕነት ዘለዋ፣ ተባሃጊትን ማሕበራዊ ፍትሕን ዴሞክራስን ኣስፊና ገስጋሳይን ሕጉስን ማሕበረሰብ ዝነብረላ ሃገረ ትግራይ ምህናፅ።

### *1.2. ራእይ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ*

- ክብራን መንነታን ዝሓለወት፣ ትንሳኤ ጥንታዊ ታሪኽን ስልጣነን ዘግሃደት፣ ኣብ ኩሎም መድረኻት ፅዕንቶ ፈጣሪት ዝኾነት ትግራይ ምርኣይ።

### *1.3. ልኡኽቶ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ*

- ብመሰረት ዕላማና ብሄርተኛ፣ ፍትሓዊ፣ ዴሞክራስያውን መንግስቲ ብሰላማውን ብዴሞክራስያውን ቃልሲ ምጥያሽ።

## 2. ፖለቲካዊ ኣንፈታትን መርገፂታትን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

### *2.1. ርእዮተ-ዓለም*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብሄራዊ ውድብ እዩ። ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ድልዱል ምሕደራ፣ ሓድነት፣ መንነትን ረብሓን ትግራይ ኣብ ምህናፅ ዝዓለመ እዩ። ውልቃዊ ባህጊ ከይገደበ ብሄራዊ ዕላማ ተሓንጊጡ ኣብ ህንፀት ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ልምዓት ትግራይ ዝነጥፍ ሓረስታይ፣ ምሁር፣ በዓል ሃፍቲ፣ በዓል ሞያ፣ ኮታስ ኩሉ ህዝቢ ብኢኮኖሚያዊ ወይ ብማሕበራዊ ቦታ ከይመቓቐለ ዘዕስል እዩ። ነዚ ዕላማ ንምዕዋት ምስ ናይ ትግራይ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ኩነታት ብምጥዕዓም ዝትግበር ብሳልሳይ ወያነ ዝተመረፀ ርእዮተ ዓለም ማሕበራዊ ዴሞክራሲ እዩ። ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ንመሰል እኩባት (ህዝቢ) ቐዳምነት ስለዝህብ ሃገራዊ ሓርነት፣ ረብሓታት ዕላማታትን ባህግታትን ትግራይ ከዐውት ዘኽእል ርእዮተ ዓለም እዩ። ብመንፅር ምርግጋፅ ሰብኣዊ፣ ፖለቲካውን ኢኮኖሚውያን መሰላት ውልቀ ሰባት እውን ምቹው ርእዮተ ዓለም እዩ። ብሓደ ገፅ ከም ልዕልና ሕጊ፣ ዴሞክራሲ፣ ናይ ምውዳብ፣ ናይ ምዝራብን ምፅሓፍን ዝኣመሰሉ ፖለቲካዊ መሰላት ዝረጋገፅሉ ፀጋታት ዝሓዘ እንትኸውን፣ ብኻሊእ ገፅ ድማ ከም

ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ (ማሕበራዊ ፍትሒ)፣ ምዕሩይን ፍትሓውን ተሳትፎን ተጠቃሚነትን ልምዓት፣ ፍትሓዊን ርትዓዊን ምሕደራን በዓል ዋናነትን መሬትን ካልኦት ጥማር ሃፍተ ገነትን ባህልን መንነትን ናይ ምድንፋዕን ምዕቃብን ዝኣመሰሉ ብሄራዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን መሰላት ዘረጋግፀሉ ፀጋ ኣለዎ። ማሕበራዊ ዲሞክራሲ ስምረት ሕብረተሰብ ዘደንፍዕን ሕጉስ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣር ዝጥምትን ርእዮተ ዓለም እዩ። ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ፍትሓዊ ናይ ሃፍትን ስልጣንን ኣጠቓቕማ ንምዝርጋሕ ከምኡ'ውን ናፃ ምንቅስቓስ ጉልበት፣ ሃፍትን ምህርትን/ሸቐጥን ንክሰፍን ንዝግበር ቃልሲ ይሕግዝ። ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራውን መሰላት ብተሳትፎ መንግስቲ ዝረጋገፁ ስለዝኾኑ መንግስቲ ኣብ ቀረብ ፍርያትን ግልጋሎትን ክሳተፍ ይኽእል እዩ። መንግስቲ ነፃ ዕዳጋ ክህሉ ዝሰርሕ ኾይኑ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን መሰላት ብዝበለፀ ንምርግጋፅ ብሕጊ ናፃ ዕዳጋ ተገዚኡ ናይ ልምዓትን ንግድን ትካላት ብምጥያስ ኣብ ምፍራይ፣ ምክፍፋልን ኣቕርቦትን ምህርቲ ወይ ግልጋሎት ክሳተፍ ይኽእል እዩ። ሰብ ሃፍትን መንግስትን ብማዕረ ኣብ ነፃ ዕዳጋ ዝሳተፍሉ ሃዋህው ብምፍጣር ፅፈትን ፅርየትን ምህርትን ግልጋሎትን ንክረጋገፅ ክሰርሕ እዩ። ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ማዕረ ዕድል ብምሃብን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን መደላድልን ብምፍጣርን፡ ትጉህ፣ ዝምህዝ፣ ዝቐሰነን ሓበራዊ ክብርታትን ዝወነነን ማሕበረሰብ ንክህሉ ዘኽእል ኣተሓሳስባ እዩ። ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ከም ኣተሓሳስባ ኩሉ ህዝብና ብዘይ ናይ ደርቢ/መደብ፣ ዕድመን ሃይማኖትን ኣፈላላይ ይሽከምዎ ኢሉ ይኣምን። ማሕበራዊ ዴሞክራሲ ምስ ናይ ትግራይ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ኩነታት ብምጥዕዓም ዝትግበር ይኸውን።

## *2.2. ኣወዳድባ ፖለቲካዊ ሰርዓት*

**ሓፈሻዊ መትከል፡-** ብነፃ፣ ፍትሓውን ዲሞክራስያውን መረፃን ንሕንሕን ፖለቲካዊ ስልጣን ብምዕታር፡ ዱልዱል፣ ዘላቕን መንግስትን ትካላትን ብምፍጣር ዓርሞ ፖለቲካዊ ውድብን መንግስትን ዝፈለየ ስርዓት ምህናፅ

**ዝርዝር መትከላት**

ሀ. ብሄራዊ ሓድነት ዘበርኽ፣ በቢብርኩ ዝዝርግሑ ምምሕዳራዊ መዋቕራት ምምሕዳራዊ ነፃነት ዘጎናፅፍ፣ ተሳትፎ ህዝቢ ዘጎልብት፣ ቅልጡፍ ኣወሃህባ መንግስታዊ ግልጋሎት ዘረጋግፅ መንግስታዊ ኣወዳድባ ይህሉ

ለ. ፍልፍል ስልጣን ህዝቢ ይኸውን። በቢእዋኑ ብዝካየድ ፍትሓዊ ንሕንሕን ናፃ መረፃን ኣብዝሓ ድምፂ ዝረኸበ ፖለቲካዊ ሓይሊ መንግስቲ የጣይሽ

ሐ. ካብዚ ወፃኢ ስልጣን ንምሓዝ ዝግበር ተግባር ተቐባልነት የብሉን

መ. ትሕቲ ትግራዋይነት ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውዳበታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣየተባብዕን

ረ. ናይ መንግስትን ፖለቲካዊ ውድብን መሓውርን ኣሰራርሓን ዝተፈላለዩ ክኾኑ ኣለዎም ኢሉ ይኣምን

ሰ. ፖለቲካዊ ሰርዓት ሕገ መንግስታውን ብብዝሃ ፓርቲን ዝተመስረተን ይኸውን

### 2.3. ኣወዳድባ መንግስቲ ትግራይ

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ንረብሓ ትግራይ ዝሕለቕን ብዘላቕነት ዘረጋግፅ ዴሞክራስያዊ፣ ህዝባዊ መንግስቲ ምህናፅ።

ሀ. ጣብያ፣ ወረዳን ብሄራዊ መንግስትን መሓውር መንግስቲ ትግራይ ኣብ ግምት ዘእተወ ፖለቲካዊ ካርታ (ምሕደራ) ብምድላው መንግስታዊ መሓውር ትግራይ ልምዓትን ምሕደራን ብዝጥዕም መንገዲ ይጣየሽ። ልምዓት ንምስላጥ፣ ተሳትፎ ህዝቢ ንምርግጋፅ፣ ንምምሕዳራዊ ምቹውነት፣ ብድልየት ህዝብን በቢ እዋኑ ክልወጥ ይኽእል እዩ።

ለ. ብርክታት መንግስታዊ መሓውር ትግራይ ጣብያ፣ ወረዳን ብሄራዊ መንግስትን ዝሓቖፈ ይኸውን።

ሐ. ትግርኛ ብሄራውን መንግስታውን ዕላዊ ቋንቋ ትግራይ ይኸውን። ላዛታት ትግርኛ፣ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ቋንቋታት ሳሆን ኩናማን ኣብ ግምት ብምእታው ስርዓተ-ትምህርትን ስርዓተ ቋንቋ ትግራይን ይቕረፅ። ኩለን መራኸብቲ ሓፋሽ እውን እዙይ ኣብ ግምት ኣእቲወን ክውደባን ክፍንዋን ይግበር።

መ. መንግስታዊ ስልጣን ኣብ ስለስተ ናይ ስልጣን ኣካላት ዝተመቓቐለ ይኸውን። ሕጊ መወፅኢ፣ ሕጊ ተርጓሚን መፈፀምን ሰለስቲኦም ኣካላት መንግስቲ እዮም። ዓርሶም ክኢሎም ብናፃነት ዝንቀሳቐሱን እቲ ሓደ ናብ ካሊእ ኢዱ ዘየእትውን ይኾኑ።

### ሕጊ መውፅኢ

ሀ. ቤት ምኽሪ ትግራይ ሕጊ መውፅኢ ኣካል እዩ።

ለ. ኣባላት ቤት ምኽሪ ብፍትሓዊ ንሕንሕን ናፃ መረፃን ኣብዝሓ ድምፂ ረኺቦም ብህዝቢ ዝተወከሉ ይኾኑ

ሐ. ዝኾነ ኣዋጅ ብቤት ምኽሪ ሓሊፉ ተግባራዊ ዝኸውን ብኣባላት ቤት ምኽሪ ትግራይ ኣብዝሓ ድምፂ (50%+1) ተረኺቡ እዩ። ሕገ መንግስቲ ንምቕያር ክልተ ዕፅፊ [2/3] ድምፂ ክርከብ ኣለዎ። ትሕቲ ሕገ መንግስቲ ዝኾኑ ካልኦት ሕግታት ንምፅዳቕ ተግባራዊ ንምግባርን፣ ውሳኔታትን ሹመትን ንምፅዳቕ ወዘተ ድማ ኣብዝሓ ድምፂ (50%+1) ክረክብ ኣለዎ።

## ተርጓሚ ሕጊ / ቤት ፍርዲ

ሀ. ዳያኑ ብደያኑ ምምሕዳር ጉባኤ ምስተመልመሉ ብፕረዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣቕራቢነት ብቤት ምኽሪ ትግራይ ይሸየሙ።

ለ. ዳያኑ ካብ ሕጊ ፈፃምን መውፅእን ኣካላት ፅዕንቶ ነፃ ኮይኖም ሰርሖም የሳልጡ።

ሐ. ዳያኑ ካብ ፖለቲካዊ ውግንና ናፃ ዝኾኑን ብብቕዓቶምን ብትምህርቶምን ዝተመሰከረሎም ክኾኑ ኣለዎም።

መ. ፕረዝዳንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኾይኑ ዝምረፅ ዳይና ዕድሜኡ 35ን ልዕሊኡን ክኸውን ኣለዎ።

ረ. ኣባላት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኾይኖም ዝምረፁ ዳያኑ ዕድሜኦም 30ን ልዕሌኡን ክኸውን ኣለዎ።

ሰ. ሰልጣንን ሓላፍነትን ዳያኑ ዕድምኦም ኣኺሉ እስካብ ጡረታ ዝወፅኡ ይኸውን፣ ምሕደራዊ ሕመቕ፣ ግዕዝይና፣ ምንኣስ ዓቕሚ ወዘተ እንተርእዩ ግን ብህዝቢ ተወከልቲ፣ ብስሩዕ መንገዲ ካብ ሓላፍነቶም ይልዓሉን፣ ብሕጊ ዘጠይቖም እንተልዩ ይሕተቱ።

ሸ. ዳያኑ ኢድ ብኢድ ወንጀል ክፍፅሙ እንተዘይተረኺቦም ብኻልእ ብዝኾነ ይኹን ኩነታት ናይ ዘይምኽሳስ መሰሎም ብቤት ምኽሪ ትግራይ ከይተልዓለ ክኽሰሱ፣ ክተሓዙ ወይ ክእሰሩ ኣይፍቀድን።

ቀ. ቤት ፍርዲ ዘድልዮ በጀቱ ባዕሉ ብዝርዝር ምስ ኣቕረበ ብቀጥታ ብቤት ምኽሪ ፀዲቑ ይምደበሉ። በጀቱ ባዕሉ የመሓድር።

## መፈፀሚ ሕጊ

ሀ. ኣባላት ፋፃሚ ስራሕ (ካቢኔ) መንግስቲ ትግራይ ብመራሒ መንግስቲ ትግራይ (ፕረዚዳንት) ኣቕራቢነት ፣ ብቤት ምኽሪ መንግስቲ ትግራይ ይሸየሙ።

ለ. ፕረዚዳንት ትግራይ ካብ መንጎ ኣባላት ቤት ምኽሪ መንግስቲ ትግራይ ይምረፅ።

ሐ. ፕረዚዳንት ትግራይ መራሒ መንግስቲ፣ ኣካቢ ካቢኔ መንግስቲ ትግራይ፣ ላዕለዋይ ኣዛዚ ኩሎም ሓይልታት ፀጥታ ትግራይን ይኸውን።

መ. ኣባላት ፈፃሚት ስራሕ መንግስቲ ትግራይ ብሞያኦም ብቑዓት፣ ፅቡቕ ትምህርታዊ ድልውነት ዘለዎምን ረብሓ ትግራይ ዝፈልጡን ዘረጋግፁን ምኳኖም ተራእዩ ይሕረዩ።

## 2.4. ሰብኣዊ መሰላት

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ሓዊሱ ዓለም ለኻዊ ተቐባልነት ዘለዎም ሰብኣዊ መሰላት ዝኽበሩላ (ሰብኣዊ መሰላት ሕልው ዝኾነላ) ትግራይ ምግሃድ።

## ሰብኣዊ መሰላት

ሀ. ዝኾነ ሰብ ዘይግሃስን ዘይድፈርን ብሂወት ናይ ምንባር ተፈጥሮኣዊ መሰል ኣለዎ። ዝኾነ ሰብ ካብ ብሕጊ ዝተደንገገ ወፃኢ ክተሓዝ፣ ክእሰር ኮነ ክሲ ክምስረተሉ የብሉን።

ለ. መንግስቲ ትግራይ ተቐቢሉ ዘፅድቖም ዓለማውን ኣህጉራውን ፖለቲካዊ፣ ሲቪላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያው፣ ባህላዊ፣ ህፃናት፣ ደቂ ኣንስትዮን ጉዳኣት ኣካልን ዝምልከቱ ስምምዓት መሰላት ምስ መንነትን ክብርታትን ህዝቢ ትግራይ ዘይፃባኡ ምኳኖም ተረጋጊፁ ኣካል ሕጊ ትግራይ ይኾኑ። ተግባራዊ ንክኾኑ ዘድልዩ መንግስታዊ ኾነ ዘይመንግስታዊ ትካላት ክጣየሹን ክስፋሕፋሑን ይግበሩ።

ሐ. ዝኾነ ሰብ ብሃይማኖታዊ እምነቱ፣ ብፆታ፣ ብዘርኢ፣ ብቋንቋ፣ ወዘተ ንጥቕዓት ኣድልዎን ኣይጋለፅን።

መ. ዝኾነ ሰብ ክብሩ ብዝትንከፍ መንገዲ ክትሓዝ፣ ክሳቐ የብሉን። ብዘይ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ናፅነቱ ክስእን ኮነ ክፍተሽ የብሉን።

ረ. ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኢዩ።

ሰ. ንሞራል ህዝብን ተፈጥራዊ ሕግን ዝፃባእ እምነት ብውሳነ ቤት ፍርዲ ክኽልከል ይኽእል እዩ።

ሸ. ዝኾነ ሰብ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተዘዋዊሩ ናይ ምስራሕ፣ ሃፍትን ንብረትን ናይ ምፍራይ፣ ናይ ምሻጥ፣ ናይ ምልዋጥ፣ ናይ ምውራስን መሰሉ ይኽበረሉን ሓለዋ ይግበረሉን። ዝኾነ ሰብ ብፖለቲካዊ ውግንንኡ ምኽንያት ኣድልዎ ኣይበፅሖን፣ ኣይእሰርን።

በ. ብሕጊ ኣብ ትሕቲ ቑፅፅር ዝኣተው ሰባት ብሕጊ ብዝተደንገገ መሰረት ምስ ደቆም፣ ኣሚኖም፣ ኣዕርኽቶም፣ ኣዝማዶም፣ ምስ ሃይማኖታዊ ኣቦታቶም፣ ሓኪሞምን ጠበቓኦምን ናይ ምርኻብ መሰል ኣለዎም።

## 2.5. ማዕርነትን ናፃነትን እምነት

ሀ. ዝኾነ ዜጋ ዝደለዮ እምነት ናይ ምኽታል መሰል ኣለዎ።

ለ. ኣብ ትግራይ መንግስታዊ እምነትን ናይ እምነት መንግስትን ኣይህልዩን። እምነት ናይ ውልቀ እንትኾን ትግራይ ግን ናይ ሓባር እያ።

ሐ. ንመንግስቲ ትግራይ ኩለን እምነታትን ሃይማኖታትን ማዕረ እየን። ስለዝኾነ መንግስቲ ንኹለን እምነታትን ሃይማኖታትን ብማዕረ የተኣናግደንን ሓለዋ ይገብረለንን።

## 2.6. ዴሞክራስያዊ መሰላት ዝምልከት

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ሕገ-መንግስታዊ ውሕስና ዘለዎ ናይ ምውዳብ፣ ሓሳብ ብነፃ ናይ ምግላፅ፣ ምእካብ፣ ብማዕረ ናይ ምርኣይን ምትእንጋድን ኣብ ዝደልዮን ዝመረፆን ስራሕ ምውፋር መሰላት ምርግጋፅን መሰል ዝሕልውን ዘደንፍዑን ጠንካራ ዘይሻራውያን ትካላት ብምህናፅ ናይ ሓሳብ ብዙሕነት ተተኣናግድ ዴምክራስያዊት ትግራይ ምህናፅ።

## 2.7. ማሕበራት ሲቪክ ፣ ማሕበራት ሓፋሽን መሰል ምውዳብን

ሀ. ተጋሩ ንዝደለይዎ ዕላማ ክውደቡ መሰል ኣለዎም። ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ንማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላዊ፣ ሲቪላዊ፣ ፆታዊ፣ ልምዓት ትግራይን ተጋሩን ምውዳብ ወሳኒ እዩ ኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነ ኣብዞም ዓውዲታት ዝግበር ውዳብ ብነፃን ብዘይዓንቀፍቀፍን ክሳለጥ ሕግታት ብምውፃእ ከጠናኽሮ እዩ።

ለ. ማሕበራት ሲቪክ ኣካል ማሕበረሰባዊ ለውጢ ስለዝኾና ሕጋዊ መሰለ ተጠቂመን ዝንቀሳቐሳሉ ማይዳ ክህሉ ኣለዎ። በዚ ልክዕ ስራሕን ተግባርን ማሕበራት ሲቪክ ኣብ ረብሓ፣ መንነትን ክብርን ትግራይ መሰረት ገይሩ ክንቀሳቐስ ኣለዎ።

ሐ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ማሕበራት ሓፋሽ ነፃ ኮይነን ረብሓን መሰልን ኣባላት ብምድንፋዕ ኣብ ልምዓትን ዴምክራስያዊ ድንፈዐን ትግራይ ኣበርክቶ ክግብራን ድልዱል መሰረት ክህልወንን ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። ነዚ

ዘማዕብሉ ኣሰራርሓታትን ትካላትን ክህንፁ ክግብሩ እዮም። ኣንፃር ነፃነትን ዕብየትን ማሕበራት ዝኾኑ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ተልዮም ድማ ይስዓሩ።

### 2.8. መሰል ሓሳብ ምግላፅን መራኽብቲ ሓፋሽን

ሀ. ተጋሩ ኣብ ጉዳይ ዓዶምን ውልቃዊ ሂወቶምን ዝመሰሎም ሓሳብ፣ ኣርኣእያን ዝንባለን ብዘይምንም ኢድ ኣእታውነትን ብነፃነትን ኣብ ዝኾነ መራኸበቲ ሓፋሽ ናይ ምግላፅ፣ ሓበሬታ ናይ ምቕባል፣ ናይ ምእካብ፣ ናይ ምግዋሕን ምፍናውን መሰል ክህልዎም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።

ለ. መራኸብቲ ሓፋሻት ካብ ፖለቲካዊ ወገናዊነት ነፃ ኾይነን ዝሰርሓሉ ሃዋህው ክህሉ ክሰርሕ እዩ። ነዚ ዝዕንቕፉ ሕግታት፣ ኣዋጃትን ኣሰራርሓትን እንተሃልዮም ክስዓሩ ተገይሩ ብካልኦት ክትካእ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ። መራኸብቲ ሓፋሽ ባህሊ፣ ልምዲ፣ መንነትን ክብርን ትግራይ መሰረት ገይረን ክሰርሓ፥ ትካላውን ሞያውን ነፃነተን ተሓልዩ ክሰርሓን ምቹው ባይታ ክፍጠር እዩ። ነዚ ዝምልከቱ ሕግታት፣ ኣዋጃትን ኣሰራርሓታትን ወፂኦም ተግባራዊ ክኾኑ ክግበር እዩ።

ሐ. መራኸብቲ ሓፋሽ ንክስፋሕፋሓን ፅፈትን ዕግበትን ማእኸል ዝገበረ አወሃህባ ህዝባዊ ግልጋሎትን ሰለጤንን ስራሕ ንክህልወንን ትካል ብሮድካሰት ክጣየሽ እዩ።

### 2.9. ርክብ ትግራይን ፌደራል መንግስትን

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ምፍጣር መንነታዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖምያዊን ግዝኣታዊን ሉኣላዊነታ ዝሓለወት ዲሞክራስያዊትን ምዕብልቲን ሃገረ ትግራይ ንምፍጣር ዝገብሮ ሕጋውን ሰላማውን ቃልሲ ኣውራ ዋኒን እቲ ውድብ ኮይኑ፤ ኣብዚ ከይዲ ኣብ መንጎ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ክህልው ብዛዕባ ዝግባእ ርክብ ብንፁር ምቕማጥ ወሳናይ እዩ። ስለዚ ኣብ መንጎ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያን ሕጋውን ትካላውን ርክብ ክህልው እዩ። ርክብ መንግስቲ ትግራይን ፌደራል መንግስቲን ኣብ ምኽባር መሰረታዊ ረብሓታት ትግራይን ሉኣላዉነት መንግስቲ ትግራይን ዝምስረት ይኸውን። መንግስቲ ትግራይ ካብ ስልጣኑ ነክዩ ንፌዴራል መንግስቲ ዝህቦ ስልጣን ኢኮኖምያዊ፣ ፖሊቲካዊን ድሕንነታውን ረብሓታት ትግራይ ንክኽበር ዕላማ ዘለዎን ንሃገርነት ትግራይ ብዘሳልጥ ኣገባብ ክቃነይን እዩ።

### 2.9.1. መትከላት ርክብ ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ፌደራል መንግስትን

ሀ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ቋንቋ፣ ናይ ህዝቢ ኣሰፋፍራን ፍቓድን መሰረት ዝገበረ ኣከላልላ ብሄራዊ መንግስታት ዝልውጥ ሕገ መንግስታውን፣ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ውሳነ ኣይቕበልን።

ለ. መንግስቲ ትግራይን ፌደራልን ዝህልዎም ርክብ ሕገ መንግስታውን ትካላውን ይኸውን። ካብዚ ወፃኢ ዝሀሉ ሕጊ፣ ርክብ፣ ተግባር ኮነ ኣሰራርሓ ተቐባልነት የብሉን። ህዝቢ ትግራይ ዋኒናቱን መሰላቱን ባዕሉ ንኽውስን ሉዓላዊ ስልጣንን ሙሉእ መሰልን ኣለዎ።

ሐ. ኣብ ምደባ በጀት፣ መቐሎ ሃፍቲ ማእድን፣ ኣሰራርሓ ባንኪ ፌደራልን መቐሎ ሽርፊ ወፃእን ብናይ ትግራይ ድልየት ልምዓት፣ ኣበርክቶን ክድረኽ፣ ትግራይ ክንዲ ዝግብኣ ተረባሒት ክትኾን ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ንክዝርግሑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።

### 2.10. ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ሰላማዊት፣ ዘላቒ ልምዓት ዘረጋገፅ፣ ግዝኣታዊ/ዶባዊ ሓድነት፣ ፀጥታ፣ ክብርን መንነትን ዝሕሉ፣ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብርን ክኽበሩ ዝነጥፍን ናይ ፀጥታን ትካልን መሓውርን ምጥያሽን ምድንፋዕን።

ሀ. ትግራይ ናብ ዕብየት፣ ልምዓትን ምዕባለን ክትግስግስ እንተኾይና ኣብዚ ተኺሳሒ ዞባ ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ትግራይ ዘውሕሱ ትካላት ክህልው ግድን እዩ። ኩነታት ፀጥታ ትግራይ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ክውደብን ክጠናኸርን ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ሓደጋታት ቅድሚ ምብፅሖም ኣፅኒዑን ተንቲኑን ብምእማት ስጉምቲ ዝወስድ ክኸውን ኣለዎ። እንተጋጢሞም እውን ብውሕድ ኪሳራ ዝምክት ሓይሊ ፀጥታ ከህነፅ እዩ።

ለ. ውሽጣዊ ሰላምን ሰርዓት ዘረጋግፅን ግዳማዊ ሓደጋታትን ተፃብኦታትን ዝከላኸል ዱልዱል ሓይሊ ፀጥታን ደሕንነትን ክህሉ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ። ኣብ ትግራይ ሕገ መንግስታዊ ጥሕሰት ከይፍፀም፣ ሉኣዉነትን ትግራይ ከይጥሓስን ዝከላኸል፣ ተፈጥራዊ ሓደጋታት እንተጋጥሙ ብቐረባ ተረኺቡ ዝሕግዝን ናይ ፀጥታ ሓይሊ ክጣየሽ እዩ። ነዚ ዘኽእሎ ብሄራዊ ስነልቦናን ረብሓን፣ ሞራላዊ፣ ሓበሬታዊ፣ ቴክኖሎጂካውን ንዋታውን ዕጥቂ ክውንን ድማ ብዕቱብ ክስራሕ እዩ።

ሐ. ኣባላት ሓይሊ ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ካብ ፖለቲካዊ ወገናዊነት ናፃ ኮይኖም ክሰርሑ ክግበር እዩ። ኣባላት ሓይሊ ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ኣብ ተልእኾ እናሃለው ናይ ምምራፅን ካብ ስርሖም ምስ ለቐቑ ድማ ዝመረፅሉ መሰልን ኣለዎም።

መ. ኣብ ብሄራዊ ተልእኾ ዘገልገሉ ሓርበኛታት ግቡእ ክብሪ ክወሃቦም እዩ። ብዕድመ፣ ብኣካላዊ ጉድኣት ኾነ ብኻሊእ ዘይተገለፀ ምኽንያት ብኽብሪ ካብ ስራሕቲ ፀጥታ ዝተሰናበቱ ክብ ዝበለ ጥቕምታት፣ ሽልማትን ክብርታትን ክዋሃቦም እዩ። ሳልሳይ ወያነ ትግራይ በቢምዕራፉ ዋጋ ዝኸፈሉን ብሓርበኝነት ንዝተቓለሱን ንስድራ ስውኣትን ዝግብኦም ዘላቒ ንዋታዊ ሓገዝን ክብራዊ ኣፍልጦን ክህብ እዩ።

ረ. ብፍቓድ ብወለንታን ድሌትን ብዘይምንም ዓይነት ኣፈላላይ ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ድሕነትን፣ ፀጥታን ህንፀት ሰላምን ትግራይ ክሳተፍን ክዋሳእን ሞራላዊን፣ ታሪኻዊን፣ ህዝባዊን ግቡእ ኣለዎ። ብጉልበት፣ ብናውቲ፣ ብፍልጠት ወዘተ እውን ክሳተፍ ሙሉእ መሰል ኣለዎ።

ሰ. ሕገ መንግስቲን ካልኦት ሕጊታትን ተኽቲሉ ሰብኣዊን ዲሞክራስያዊን መሰላት ህዝቢ ትግራይ ክኽበሩ ይገብር፣ ንባዕሉ እውን የኽብር። ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ጥፍኣት ዝፈፀመ ናይ ፀጥታ ኣካል ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

ሸ. ካብ ሕጊ ወፃኢ ክንቀሳቐስን ናይ ባዕሉ ይኹን ናይ ዝኾነ ካልእ ፖለቲካዊ ውድብ ኣጀንዳ ከፈፅምን ኣይፍቀደሉን። ሕገ መንግስቲን ካልኦት ሕጊታትን ትግራይን ተኽቲሉ ጥራሕ ክሰርሕ ክግበር እዩ።

## 2.11. ጉዳይ ኤርትራ

ኣብ ረብሓ ዝተደረኸን ኣብ ምክብባር፣ ማዕርነትን ምኽባር ሉኣላውነትን ኣብ ጉዳይ ካልኦት ሃገራት ኢድ ብዘይምእታውን ዝተመስረተን ፖሊሲ ወፃኢ ጉዳያትን ዲፕሎማስን ከምዘሎ ኮይኑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኤርትራ ከም ሃገር ድማ ፍሉይ ጠመተ የድልያ ኢሉ ይኣምን። ህዝቢ ትግራይ ዕድሉ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ዝተኣሳሰረን ብባህሊ፣ ቋንቋ፣ እምነትን ታሪኽን ዝወራረስ እዩ። ብተወሳኺ ኤርትራ ብወገን ትግራይ ገፊሕ ዶብ ትዋሰን ምኳናን ንፀጥታን ኢኮኖሚን ታሪኽን ትግራይ ወሳኒ ዝኾነ ቐይሕ ባሕሪ ስለዝተውንን ጉዳይ ኤርትራ ዝተፈለየ ጠመተ ክህልውና ግድን እዩ። እዞም መንነታዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ጂኦ-ፖለቲካውን ፀጥታውን ረብሓታት ትግራይ ስትራቴጂካዊ ስለዝኾኑ ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን ርክቡ ስጡም ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጠር ኣለዎ። ነዚኦም ዘደንፍዑ ሓበራዊ ትካላት ክህልዎ ክስራሕ እዩ። ኣብ ሞንጎ

ትግራይን ኤርትራን ዘሎ ዶብ ምንቅስቓስ ክልቱኦም ህዝብታት ናብ ዘይግድበሉ ብርኪ ክበፅሕ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ ኢዩ። ዕጫን ዕድልን ትግራይን ኤርራን ሓደ ስለ ዝኾነ ብገፅ ኤርትራ ነዚ ኩነታት ተረዲኦም ምስ ዝንቀሳቀሱ ዲሞክራስያውያን ሓይሊታት ብቅርበት ክሰርሕ እዩ።

## 3. ኢኮኖሚያዊ ፖለሲታትን መርገፂታትን

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ትግራይ ናይ ፖሊሲ ናፅነት ዝዓሰሎ፣ ቅልጡፍን ቐፃልነት ዘለዎ፣ ዝተረጋግዐን ፍትሓውን ኢኮኖሚዊ ዕብየትን ምዕባለን ብምርግጋፅ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፈነ ልምዓት ምድንፋዕ።

### *3.1. ሓፈሻዊ ፖሊሲ/መትከል*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኩሎም ዓውዲታት ዘሳትፍ ፈለግ ዝተመጣጠነ ዕብየት ኢኮኖሚ ይድግፍ። ትግራይ ኣብ ኩሎም ዘፈራት ኢኮኖሚ ክትነጥፍ ዝኽእል ኣንፈት ይኽተል። ናይ ኢኮኖሚ ፖሊስን ኣፈፃፅምኡን ሰፊሕ ናይ ሰብ ሞያን ህዝብን ተሳትፎ ብዘረጋግፅ መንገዲ ኽሕንፀፅን፤ ከባብያዊ ብልጫታተን ኣብ ግምት ከእቱን ተመጋጋቢ ዝኾነ ናይ ኢኮኖሚ ዕብየትን ኣንፈትን ዝኽተልን ክኸውን እዩ። ማሕበረሰባዊ ዕብየት፣ ሃፍተ ገነትን ተወዳዳርነትን መሰረት ዝገበረ ኣብ ፅንዓት ዝተደረኸ ቀዳምነት ክውሃቦም ዝኽእሉ ዘፈራት ክህልዩ ይኽእሉ እዮም።

ሀ. ጭቡጥ ሃፈተ ገነትን ፀጋታትን ትግራይ ኣብ ግምት ብምእታው ቀመር ማክሮ-ኢኮኖሚያዊን ስርዓት ፋይናንስን ትግራይ ይዳሎ። እዚ መሰረት ብምግባር፣ ብፅንዓት ተሓጊዙ ትግራይ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ (መስኖ፣ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምርባሕ እንስሳ፣ ልምዓት ምግቢ እንስሳ ወዘተ)፣ ልምዓት ማዕድን፣ ኢንዱስትሪን ማኑፋክቼሪንግን፣ ልምዓት ሳይንስን ቴክኖሎጂ፣ ልምዓት ግልጋሎት (ቱሪዝም፣ ባንኪ፣ ፋይናንስን ኢንሹራንስን ወዘተ)፣ ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ህንፀት መንበሪ ኣበይትን ዝምልከቱ ፖሊሲታትን ሰትራቴጂታትተ ይህልዋ።

ለ. ናይ ትግራይ ጭቡጥ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ናፃ ዕዳጋ ዝገንሖ ስርዓተ ኢኮኖሚ ምህናፅ።

ሐ. መንግስቲ ቀዳምነት ኣብ ዝህቦም ዘፈራት ሃፍቶም ዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ ብፍሉይ የተባብዕ።

መ. መንግስቲ ሕጊ ናፃ ዕዳጋ ከይተዳፍአ ኣብ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ዘፈራት ሃፍቲ ኣዋፊሩ ምህርቲ ከፍሪ ወይ ግልጋሎት ከቕርብ ይኽእል ኢዩ።

ረ. መንግስቲ መጠኑ ምስ እቶት እናወሰኸ ዝኸድ ፈሰስ ብምትእትታው ማሕበራዊ ፍትሒ ከስፍኑ ኣብ ዝኽእሉ ዘፈራት ንልምዓታዊ ዕዮታት ንምስላጥ ክጥቀመሉ እዩ።

ሰ. ዋንነቶም ብናደገ ሰብ ሃፍቲ ዝተትሓዘን ሓደሽቲ ሰብ ሃፍትን ኣብ ትግራይ ሃፍቶም ከዋፍሩ ክተባብዑ እዮም። ምስ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ወይ መንግስቲ ብሓባር ክዋፈሩ ዝደልዩ ቐዳምነት ይወሃቦም።

ሸ. ተጋሩ ንብረት ከጥርዩ፣ ክውንኑን ንንብረቶም እኹል ሓላዋ ክግበረሉን ንሰርሕ። ኮይኑ ግና መንግስቲ ንረብሓ ህዝቢ ከውዕሎ ተሓሲቡ፤ ሰብ ዋና ንብረት ናይቲ እዋን ዕዳጋ ግምት ዘእተወ ካሕሳ ክኽፈሎም ይግበር።

ቀ. ኣብ ትግራይ ዝጣየሻ ውልቃዊ ይኹን መንግስታዊ ትካላት ናይ ምውድዳር ዓቕመን ዘደንፍዕ መንግስታዊ መሓውር (ፐብሊክ ሰርቪስ) ክህነፅ እዩ።

በ. ህዝብና ኢኮኖሚያዊ ተሳትፎኡ ንክደንፍዕ፣ መፍራይነቱ ክብ ንክብልን ባህሊ ምዕቋር ንኽዓብን ኹለመዳይ ዕላማታት ዝተሓንገጣ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ካብ ገጠር ክሳብ ከተማ ክጣየሻ እየን።

## 3.2. ሕርሻን ልምዓት ገጠርን

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ውሕስና ምግቢ ዘረጋገፀ፣ ዘበናዊ ቴክኖሎጂን ሜላ ማሕረስን ተጠቒሙ ትርፊ ምህርቲ ዘፍሪ፣ ናብርኡ ምስ ኩሎም ዓውዲታት ኢኮኖሚ ዘተኣሳሰረ፣ ኣብ ምርምርን ምህዞን ዝተመስረተ ኢኮኖሚ፣ ኣብ ፅሩያት፣ ሃፍታማትን መንነተን ዝሓለዋን ቑሸታትን ገጠር ከተማታት ተጠርኒፉ ዝነብር፣ ሃገራውን ዓለማውን ኹነታት ዝርዳእ ማሕበረሰብ ትግራይ ምፍጣር እዩ።

### ዝርዝር ፖሊሲታት

ሀ. ሕርሻ ካብ ድሑር ኣተሓራርሳ ወፂኡ ብቴክኖሎጂ፣ ዘመናዊ ድኹዕን፣ ዝሰልጠነ ሰብ ሓይሊ ቴክኒካዊ ደገፍ ብመጠንን ብግዘን ክብ ኢሉ ንዕዳጋን ንኢንዱስትሪን ትርፊ ምህርቲ ዘቕበሉ ብርኪ ክበፅሕ ምግባር። ብፅንዓትን ምርምርን ዝተሓገዘ ሕርሻዊ ሰርዓት ብምትካል ቐረብ ማይ፣ ቴክኖሎጂን ምትእስሳር ዕዳጋን ብምውሓስ ዓውዲ ሕርሻ ምዝማን። ዝኾነ እታወት፣ ቴክኖሎጅን ምሩፅ ዘርእን ዓሌቱን ፅዕንቶኡን ብምርምር ሕርሻ ትግራይ ተረጋጊፁ ተግባራዊ ክኸውን ምግባር።

ለ. ገራሁን መካናይዜሽን ሕርሻን ምትእትታው

ሐ. ሰብ ሃፋቲ ኣብ ልምዓት መካናይዜሽን ሕርሻ ክሳተፉ ምትብባዕ

መ. ልምዓት መስኖ ብምግፋሕ ሕርሻ ካብ ፅግዕተኝነት ዝናብ ክናገፍ ምግባር

ረ. ንሃፍቲ እንስሳ፣ ኣሕምልትን፣ ፍራምረን ጠመተ ሂብካ ፍርያቶም ናብ ዝሐሸ ብርኪ ክብ ክብል ምድጋፍ፣ ምትብባዕ

ሰ. ኣብ ሕርሻ ዝተዋፈረ ሓረስታይ ጥዕንኡ ንክህሉን ኣፍራያይ ንክኾንን ንሰብን እንስሳን ቀረብ ማይ ምርግጋፅ

ሸ. ሓረስታይ ናይ ትሕዝቶ መሬቱን ኣብ መሬቱ ዝወሰኾ ልምዓትን ብሕጊ ክረጋገፀሉ ምግባር

ቐ. ሃፍቲ ተፈጥሮን ሕዛእቲ/ደኒን ከይግሃስ ሓለዋን ዳግመ ግረባን ምጥንኻር

በ. ሰፊሕ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር፣ ንኢንዱስትሪ ጥረ ኣቕሓ ዘቕርብ፤ ከተመኛ ዝቕልብ፣ ሸርፊ ወፃኢ ዘምፅእን ብሓፈሽኡ መሓውራዊ ለውጢ ንምምፃእ ዘኽእል ዓውዲ ሕርሻ ኣብ ሓፂር እዋን ምፍጣር

ተ. ናይ ገጠር ቱሪዝም ዘደንፋዓን ናብራኣን ምስዚ ዓውዲ ዘተኣሳሰራን ከተማታት ምፍጣር

ቸ. ባህለንን መንነትን ዝሓለዋን ዘማዕብላን ሓምለዎት ቁሸታትን ናይ ገጠር ከተማታትን ምፍጣር

ነ. ንሕድሕድ ዓውዲ ዘደንፍዓን ብመሰረት ሃፍተ ገነት ሕድሕድ ኸባብን ማእኸል ምርምራት ምህዞታትን ኣብ ገጠር ከተማታት ምጥያሽ

ኘ. ሓደሽቲ ናይ ገጠር ቁሸታት (መጠሻታት) ንልምዓትን ቀረብ ግልጋሎትን ብዝጥዕም መልክዑ ክጣየሻ ክስራሕ እዩ

ከ. ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ዳግመ ግረባን ብዘበናዊ መሳርሒ ክሕገዝ ብምግባር ኢኮኖሚያዊ ተረባሕነት ብዘደንፍዕ መልክዑ ከስርሐሉ እዩ።

ጠ. ስርዓት ምግብና ዘደንፈው ዝራእቲ ክተኣታተው ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ

### *3.3. ኢንዱስትሪ*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ልምዓት ኢንዱስትሪ ብዘበናዊ ቴክኖለጂ ዝተሓገዘ፣ ናይ ዓዲ (ዘቤታዊ) ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ኣደንፊዑ ናይ ኢኮኖሚ መሓውራዊ ለውጢ ዘብስር ኢንዱስትሪ ምህናፅ።

**ዝርዝር ፖሊሲታት**

ሀ. ንሃፍተ ገነት፣ ሓይሊ ሰብ፣ ቴክኖሎጂካዊ ለውጢታትን መሰረት ዝገበርን ከባብያዊ ፀጋታትን ትግራይ ዘየብርስን ዓውዲ ኢንዱሰትሪ ምፍጣር

ለ. ተጋሩ ሰብ ሃፍቲ ተወዲቦም ምስ መንግስቲ ወይ ምስ ናይ ደገ ሰብ ሃፍቲ ብምሕዝና ኣብ ዘፈር ኢንዱስትሪ ክዋፈሩ ይተባብዑ።

ሐ. ኢንዱስትሪ ምስ ኹሉ ዘፈር ኢኮኖሚ ክተኣሳሰርን ከነቓቕሕን ኣድላይ ዝኾነ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ይዝርጋሕ

መ. ኣብ ኢንዱስትሪ ክዋፈሩ ዝደልዩ ሓዱሽ ምህዘን ፈጠራን ዘተኣታትው ጀመርቲ ተጋሩ ይተባብዑ፣ ኣድላይ ናይ ገንዘብን ቴክኒክን ሓገዝ ይግበረሎም

ረ. ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰሩ ኣናእሽትን ማእኸለዎትን መፍረይቲ ፍሉይ ጠመተን ደገፍን ይግበረሎም

ሰ. ኣብ ዘፈር ኢንዱስትሪ ዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮን ሰብን ሳዕቤን ከየብፅሑ ኣድላይ ቑፅፅር ይግበር

ሸ. ኣብ ልምዓት ኢንዱሰትሪ ዝሳተፉ ሰብ ሃፍቲ ኣቕርቦት ልቓሕን ሸርፊ ወፃእን ብቕልጡፍ ክረኽብሉ ዝኽእሉ ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ

### *3.4. ንግድን ዘፈር ግልጋሎትን*

**ሓፈሻዊ ዕላማ**፡- ዘበናዊ፣ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ፍትሓዊ፣ ቅልጡፍን ፅፉፍን ስርዓትን መስርሕን ብምትእትታው ኣብ ትግራይ ዝነጥፉ ትካላት መወዳደሪ ብቕዓቶም ዘደንፍዕ ግልጋሎት ብምዝርጋሕ ኣብ ዕብየትን ልምዓትን ትግራይ እጃምኦም ከበርክቱ ምግባር።

**ዝርዝር ፖሊሲታት፡**

ሀ. ናይ ቱሪዝም ማእኸላት ብምንፃርን እኹል ሓይሊ ሰብን መሰረተ ልምዓትን ብምምላእ፤ ኣብዚ ዘፈር ዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ቀዳምነት ብምሃብን ብምድጋፍን፡ ቱሪዝም ምንጪ እቶትን ስራሕ ዕድልን ምግባር

ለ. ታሪኽ፣ እምነታት፣ ባህሊ፣ ክብር ፀጋታትን ትግራይ ንልምዓት ቱሪዝም ብዝጥዕም መልኪዑ ክውደቡን ክጋፍሑን ብምግባር ንኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ልምዓትን ትግራይ ዝህልዎም ኣበርክቶ ምድንፋዕ።

ሐ.. ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ክብርታትን ፀጋታትን ትግራይ ምሕብሓብ፣ ምድንፋዕን ምዕቃብን

መ. ኣብ ሞንጎ ቀረብ ንግዲ ወይ ግልጋሎትን ተጠቀምትን ሓባራዊ ረብሓ ዘረጋግፅ ሚዛኑ ዝሓለዎ ርክብ ክሰፍን ወይ ሚዛኑ ዝሓለየ ቀረብን ድልየትን ምርግጋፅ

ረ. ኣብ ትግራይ ኣብ ንግድን ግልጋሎትን ዝነጥፉ ትካላት ዘበናዊ፣ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ቅልጡፍን ፅፉፍን ኣሰራርሓ ብምትእትታይ ተወዳዳራይነቶም ከደንፍዑን ንተግልገልቲ ፅርየቱ ዝሓለየ ግልጋሎት ከቕርቡን ምግባር።

ሰ. ኣብ ባንኪ፣ ኢንሹራንስን ፋይናንስን ሃፍቲ ዘዋፍሩ ትካላት ይተባብዑ፣ ይሕገዙ። ትግራይ ወናኒት ዘበናዊ መዳዓዝያ ክትኾን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።

ቀ. ኣብ ትግራይ ዘበናውን ፅፉፍን ቀረብን ግልጋሎትን ባንኪ፣ ኢንሹራንስ፣ ፋይናንስን ዝህቡን ካልኦት ምስ ውሽጢ ዓዲ፣ ሰደድን ኣታውን ንግዲታት፣ ምፍራይን ሕግን ዝተትሓሓዙ ስራሕቲ ዘሳልጡን ትካላት ምጥያሽ

በ ኣብ ከተማታት ዝጣየሻ ማእኸላት ንግዲ ንምድንፋዕ ብዘመናዊ ኣሰራርሓን ቴክኖሎጂን ዝተሓገዘ ናይ ሓበሬታን መረዳእታን ምትእስሳር ሓገዝ ዘሳልጥ ደገፍ ክግበር እዩ።

## 3.5. ምሕደራ መንግስታዊ ዋንነት ዘለዎን ትካላት

መንግስቲ ባዕሉ ወይ ምስ ሰብ ሃፍቲ ምሕዝነት ፈጢሩ ዘዋፈሮ ሃፍቲ ዝጣየሻ ትካላት ዕለታዊ ስርሑን ብዘይተዓናቕፍ መንገዲ ብኣባላት/ኣካላት ቤት ምኽሪ ትግራይ ኽትትልን ቁፅፅርን ይግበረለን።

ስትራቴጂካውን ስልታውን ስርሓን ግና ስፍሕ ዝበለ ናፅነት ረኺበን ብቦርድ ኣባላትን መሪሕነት ትካላትን ይሳለጥ። ሙሉእ ብሙሉእ ዋንነተን ናይ መንግስቲ ትግራይ ዝኾነ ትካላት ኣባላት ቦርድ ብቤት ምኽሪ ትግራይ ይሽየሙ። ኣባላት ቦርድ ድማ መራሒ ትካል ይሽሙ። መራሒ ትካል እውን ኣባላት መሪሕነት ትካል ይምድብ/ይሽም። ምስ ሰብ ሃፍቲ ምሕዝነት ዘለዎን ግና ወኪላት ብኣባላት ቤት ምኽሪ እቲ ትካል ይሽየሙ/ይስየሙ።

## *3.6. መሰረተ ልምዓት*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ኩሉ ከባቢ ትግራይ ዘተኣሳስርን ፍትሓዊ ተበፃሕነት ዘረጋግፅን መሰረተ ልምዓት ብምዝርጋሕ ኣብ ትግራይ ልምዓት ምድንፋዕ። ከምኡ እውን ትግራይ ምስ ምንስእራር ጥንታዊ ንግድን ስልጣነን ዘተኣሳስሩ ቀጠናውን ዓለም ለኻውን ዝርገሐ መሰረተ ልምዓታት ብምስላጥ ንትግራይ ኣካል ትንሳኤ ስልጣነን ልምዓትን ዓለም ምግባር

**ዝርዝር ፖሊሲታት፡**

ሀ. መስመር ባቡር፣ መንገድን መዕርፎ ነፈርትን ብምዝርጋሕ ኢኮኖሚያዊ ዕብየትን ልምዓትን ትግራይ ምቅልጣፍ፣ ምድንፋዕ።

ለ. መራኸቢ ሓፋሽን ግልጋሎት ቴሌኮሙኒኬሽን ብምዝርጋሕ ኣብ ልምዓት ኢኮኖምን ዝህልዎም ተራ ምድንፋዕ፣ ከምኡውን ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ኣብቲ ዘፈር ክዋፈሩ ምትብባዕ።

ሐ. ትግራይ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ዓለም ለኸ ማሕበረሰብ ዘተኣሳስሩ ህንፀት መስመር ባቡርን መንገድን ብምስላጥ ትግራይ ኣካል ልምዓትን ስልጣነን ዓለም ክትኾን ምግባር።

መ. ኣብ ትግራይ እኹልን ፅሩይን ቀረብ ዝስተ ማይ ምድንፋዕን ንኢንዱስትርን ውሃብቲ ግልጋሎት ትካላት እኹልን ዘላቕነትን ቀረብ ማይ ምርግጋፅ።

ረ. ቀረብ ሓይሊ መብራህቲ ክኾኑ ዝኽእሉ ገረባት (ሩባታትን) ዓለም ዝበፅሖም ቴክኖሎጂታትን ኣካል ምትእስሳር ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ጎረባብቲ ሃገራት ክኾኑ ተሊምካ ምስራሕ።

ሰ. ኣብ ትግራይ ዱልዱል ምትእስሳር ከተማን ገፀርን ምፍጣር።

ሸ. ኣብ ከተማ ዘለዉ መሳሰይቲ ልምዓት ኣብ ኩለን ገፀራት ትግራይ ምትእትታው

## *3.7. ልምዓት ከተማ*

**ሓፈሻ ዕላማ፡-** ብትልሚ ዝመርሕን ዘበናዊ መሰረተ ልምዓት ዝተዘርግሐሉን ቀረብ ማይን ካልኦት ግልጋሎታትን ብምፅፋፍ ንነበርቲ ምችዋት ዝኾናን ልምዓት ዘቀላጥፋ፣ ማሕበራዊ ርግዓትን ሰላምን ዝዓሰለን፣ ክብሪ፣ ታሪኽን ባህልን ስነ ህንፃ ትግራይ ዘንፀባርቓ ከተማታት ትግራይ ምፍጣር።

**ዝርዝር ፖሊሲታት፡**

ሀ. ትግራይ ብመሰረተ ሃፈተ ገነተን ናይ ኢንዱሰትሪ፣ ቴክኖሎጂ፣ ቱሪዝም፣ ሕርሻ፣ ፋይናንስን ግልጋሎትን ከተማታት ክህልውኣ ምስራሕ።

ለ. ብትልሚ ዝምርሓ፣ እኹል ቀረብ ማይን ሓፈሻዊ ግልጋሎታን ዝተማልአለን ንንቑፅን ፈሳስን ጓሓፋት መእለይ ስርዓት ዝተዘርገሐለን ንነበርቲ ምቹዋት ዝኾና ከተማታት ምፍጣር።

ሐ. ናይ ባዕለን ፍሉይነት ዘለወን፣ ባህሊ፣ መንነትን ስነ ህንፃ ትግራዋይነት ዝኽተላ ከተማታት ምህናፅ

መ. ኣብ ፅንዓትን ትልምን ዝተደረኸ ንመንበርን ንትካላትን ዝኾን ቀረብ መሬት ምርግጋፅ፣ እኹልን ፅሩይን ዝስተን ንግልጋሎት ኢንዱስትርን ካልኦት ንጥፈታትን ቀረብ ማይ ምድንፋዕ።

ረ. ሓምለዎት፣ ናይ ህፃናት፣ መናእሰይን ሰብ ፀጋ ዕድመን መዘናግዒ ፓርክታትን ዘለዎን ከተማታት ምፍጣር

ሰ. ኣብ ከተማታት ስነ ጥበብን ኢደ ጥብብን ምድላውን ምልማዕ።

ሸ. ኣብ ከተማታት ቅልጡፍ ግልጋሎት ዝህቡ መገድታት ምህናፅ፣ ዘመናዊ፣ ተበፃሒ፣ ቅልጡፍን ግልጋሎት ትራንሰፖርት ምዝርጋሕ፣ ኣብዚ ዘፈር ዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ምትብባዕ።

ቀ. ካብ ገበን፣ ወልፍን ንግዲ ዕፃትን ናፃ ዝኾና ከተማታት ምፍጣር

በ. ማሕበራዊ ኣፈላላይ ዝፈጥሩ ፍሉያት ከተማታት ወይ ሰፈራት ከይህሉ መንግስቲ ጠመተ ገይሩ ክሰርሕ እዩ። መንግስቲ መንበሪ ኣባይቲ ብምህናፅ ብተመጣጣኒ ዋጋን ብነዊሕ ኣከፋፍላን ንሕ/ሰብ ከቕርብ ይኽእል እዩ

ተ. ናይ ንግዲ፣ ቱሪዝም፣ ናይ መንግስቲ መቐመጢ ዝኾና ከተማታት ክህልዋ እየን

## *3.8. ግብሪ*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-**ትግራይ ግብሪ ናይ ምእካብ ስልጣና ብምግፋሕን ግብሪ ምኽፋል ባህሉ ዝገበረን ዝግብኦ ዝኸፍልን ማሕበረሰብን ብምድንፋዕ ኣብ ውሽጣዊ ሃፍቲ ዝተመስረተ ኢኮኖሚን ብምፍጣር ዓርሰ ምርኮሳ ትግራይ ምርግጋፅ

**ዝርዝር ፖሊሰታት**

ሀ. ምስ እቶት እናወሰኸ ዝኸይድ (ፕሮግረሲቭ) ሰርዓት ግብሪ ብምትእትታው ሰብ ከከም እቶት ክኸፍል ምኽኣል

ለ. ግልፅን ተኣማትን ዝኾነ ናይ ግብሪ ሕጊ ምዝርጋሕ/ምትእትታው

ሐ. ዘበናውን ተበፃሕን ሰርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ ምትእትታው

መ. ካብ ሃፍቲ ማእድን ዝርከብ እቶት ሮያሊቲ ግብሪ ምእካብ

ሰ. ትግራይ ካብ ፍርያትን እቶትን ተጋሩ ሰብ ሃፍቲ ተረባሒት ንክትኾን ኣብ ዝኾነ ክፍለ ዓለም ዘዋፍርዎ ሃፍትን ዘጣይሽዎ ትካልን ዋና ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ትግራይ ንክገብሩ ይበረታትዑ።

ሸ. ጀመርቲ (ሓደሽቲ) ሰብ ሃፍቲ ንምትብባዕ ካብ ግብሪ ምኽፋል ናፃ ክኾኑ ዝኽእሉ ዕድል ዝፈጥር ሕጊ ክተኣታተው ይኽእል።

ቀ. ገፊሕ መሰረት ግብሪ ክፍጠር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።

## *3.9. ዋንነት መሬትን ካልኦት ሃፍቲ ተፈጥሮን*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ንመንነትን ባህልን ተጋሩ ዝዕቅብ፣ ንልምዓት ህንፀት ዘበናዊ ከተማታትን ዝጥዕም ምሕደራ መሬት ምፍጣር

ሀ. መሬት ናይ ውልቀ፣ ማሕበረሰብ(ኮሚኒቲ)፣ ህዝብን መንግስትን እዩ።

ለ. ኣብ ገጠር ዘሎ ተሓራሳይ መሬትን መንበሪን ናብ ኸተማ እንተኣተው ምስ ትልሚ (ፕላን) ከተማ ብዘይፃባእ መልክዑ ዋንነቱ ናይ ውልቂ ኾይኑ ይፀድቕ።

ሐ. ሓረስታይ ተሓራሳይ መሬቶም ንልምዓት እንትድለ ግቡእ ካሕሳን ስልጠናን ደገፍን ተዋሂብዎም ይለዓሉ። ኣካል እቲ ልምዓት ኾይኖም ክቕፀሉ ይስራሕ።

መ. ሕድሕድ ትግራዋይ መንበሪ ገዛ ዝረኽበሉ ኩነታት ምፍጣር

ረ. ፓርክታትን ደናት ትግራይ ብመንግስቲ ትግራይ ይመሓድሩ

ሰ. ማሰተር ፕላን መሬት ትግራይ ብምስራሕ ዘላቕነት ዘለዎ ኣጠቓቕማ መሬት ምፍጣር

ሸ. ዋንነት መሬት ብፅፉፍ መንገዲ ምምዝጋብን ምስናድን

# 4. ማሕበራዊ ፖሊሲታት/ኣንፈታት

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ማሕበራዊ ፍትሒ ዝተረጋገፀሉ፣ ጥዕንኡ ዝተሓለወን ዘሙኑ ዝጠልቦ ክእለት ዝወነነ መፍረያይ ማሕበራሰብ ትግራይ ምፍጣር፣

## *4.1. ትምህርቲ*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡-** ኣብ መንነት፣ ረብሓን ሃፍትን ትግራይ ዝተመስረተ፣ ፍትሓዊ ተበፃሕነት ፅሬትን ዘለዎ፣ ዓለማዊ ኩነታት ዘንብብ፣ ዘቤታዊ ፍልጠት ዝርዳእን ዘደንፍዕን፣ ምህዞን ልህቀትን ዘተባብዕ ስርዓተ ትምህርቲ ብምቕራፅ ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ኢኮኖሚን ማሕበረሰብን ምፍጣር።

### ዝርዝር ፖሊስታት

ሀ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ትምህርቲ መሳለጢ ልምዓት ትግራይ እዩ ኢሉ ይኣምን። ኣብ ትግራይ ተበፃሕን ፅሬት ዘለዎን ትምህርቲ ክህሉ ድማ ክቃለስ እዩ። ኣብ ትግራይ ነዚ ዝሸከም ሓይሊ ሰብ፣ ንዋታውን ናይ ኣተሓሳስባን ዓቕሚ ንምህናፅ ይተግህ።

ለ. ኣብ ትግራይ ትምህርቲ ካብ መዋእለ ህፃናት ክሳብ ኮሌጃት ብመንግስትን ብውልቀ ሰብ ሃፍትን ይቐርብ። ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ትምህርቲ መሰል ዜጋታት ስለ ዝኾነ ኣብ ማዕረ ዕድልን ቀረብን ትምህርቲ ክረጋገፅ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። በዚ ምኽንያት ትግራዋይ ተምሃራይ ኢኮኖሚያዊ ድሕረ ባይትኡ ብዘየገድስ ፅሬቱ ዝሓለወ ትምህርቲ፣ ሞያን ክእለትን ዝረኽብሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ። ተምሃሮ ፅፉፍ ትምህርትን ሞያዊ ክእለትን ምርካብ ብትግራዋይነቶም ዝረኽብዎ መሰል እዩ። ፅፉፍ ትምህርቲ ዘቕርባ መንግስታውን ውልቃውን ኮሌጃት ይህልዋ። ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲ ሰፊሕ ማሕበራዊ ኣፈላላይ ብዘይፈጥር መልክዑ ተመጣጣኒ ብዝኾነ ክፍሊት የምህራ።

ሐ. ኣብ ምድንፋዕ ረብሓ ትግራይ ዝተመስረተ ስርዓተ ትምህርቲ ንክህልው ክስራሕ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርትታት ትግራይ ኩለመዳይ ግልጋሎት ዘቕርባ ብዘበናዊ ቴክኖሎጅን መሳርሒ ትምህርቲ ዝትሓገዘ ማእኸላት ክጣየሻ እየን። እኹል ኣቕርቦት መፅሓፍቲ፣ ቤተ ፈተነታትን ኮምፒተራትን ንክህሉ ክግበር እዩ።

መ. ግእዝ ካብ ቐዳማይ ክፍሊ ጀሚሩ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ትግራይ ክዋሃብ እዩ።

ረ ብሳይነስን ቴክኖሎጂን ዝተሓገዘን ኣብ ፅንዓትን ምርምርን ዝተመስረተ ትምህርታዊ ሰርዓት ብምህናፅ ምህዞን ልህቀትን ክህሉ ክስራሕ እዩ። ተመራመርትን መሃዝትን ዘፍርያ ፍሉያት ቤት ትምህርታት ዝህነፃ እንትኸውን ነዚኦም ዝቕበላ ኮለጃትን ዩኒቨርስታትን ድማ ክጣየሻ እየን።

ሰ. ኣብ ግእዝን ካልኦት ስልጣነታትን ፀጋታት/ክብርታ ትግራይን ሰፋሕቲ ምርምራት ክካየድሎም ዘኽእሉ ትካላት ክጣየሹ እዮም።

ሸ. ትግራይ ማእኸል ፅሬት ትምህርቲ ብምግባር ፀብለልታ ዘርእዩ ተምሃሮ ዝፈርዩላን ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ተምሃሮ ዝብህግዋን ክትኸውን ከስራሕ እዩ

ተ. ናይ ሞያ ትካላት ትምህርቲ (Vocational schools/colleges) ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ፍሉይ ሞያ፣ ክእለትን ብቕዓትን ዝወነኑ ዜጋታት ብምፍራይ ኣብ ዓለም ተወዳደርቲ ክኾኑ ምስራሕ

### *4.2. ጥዕና*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ኣብ ምክልኻልን ምድሓንን (ምሕካምን) ጠመተ ዝገበረ ስርዓተ ጥዕና ብምዝርጋሕ ጥዕናኡ ዝተሓለወ፣ መፍረያይ ልዑል ናይ ምንባር ፀፍሒ ዘለዎ፣ ማሕበረሰብ ምፍጣር፡፡

**ዝርዝር ፖሊስታት**

ሀ. ጥዕናኡ ዝተሓለወ ማሕበረሰብ ምህናፅ ኣካል ህንፀትን ምዕባልን ትግራዋይነት እዩ። ኣቕርቦት ትካላት ጥዕና፣ በዓል ሞያታትን መድሓኒትን ኣብ ሙሉእ ትግራይ ከስፋሕፍሕን ዓለምለኻዊ ደረጃ ክህልዎን ምግባር።

ለ. ካብ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ጎኒጎኒ ሕማማት ብሳይነሳዊ ምርምርን ምህዞን ክድሕኑ ዝኽእለሉ ኩነታት ክፍጠር ምስራሕ። ናይ ምድሓን ፖለሲ እውን ምሕንፃፅ።

ሐ. ትግራይ ንባዕላ ኮይና ማእኸል ዘባዊ፣ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን በፃሕቲ ሕክምናዊ ቱሪዝም ክትኾን ምስራሕ።

መ. ዘቤታዊ ሕክምናታት መድሓኒታትን ዘመናዊ መልክዕ ዝሕዝሉ ምርምራዊ ማእኸላት ክህነፃ ምግባር።

ረ. ፅሬቱ ዝሓለወ ሕክምና ህዝቢ ትግራይ ብዘይኣፈላላይ ዝቕርብሉ ኩነታት ምፍጣር፡፡

ሰ. ኣብዚ ዓውዲ ውልቀ ሰብ ሃፍትን መንግስትን ክሳተፉ እዮም፡፡ ንዓቕሚ ዘይብሎም ዜጋታትን ኣረጋውያንን መንግስቲ ነፃ ሕክምና ከቕርብ እዩ፡፡

ሸ. ነዚኦም ኩሎም ንምግባር ዘኽእል ሓዱሽ ብመንግስቲ ትግራይ ደረጃ ናይ ጥዕና ፖለሲ ክዳሎ እዩ፡፡ ንትግባረኦም ድማ ሕጊታት፣ ኣሰራርሓታትን ኣዋጃትን ክወፁ እዮም፣ ዘየስርሑ እንተሃልዮም ድማ ይስዓሩ፡፡

ቀ. ፅሩይ ሃፍቲ ማይን ጥዕንኡ ዝሓለወ ቀረብ መስተ ማይን ምርግጋፅ

በ. ዝተመጣጠነ፣ ጥዕንኡ ዝተሓለየ ስርዓት ምግብናን ከባቢያዊ ንፅህና ምትእትታይ፣ ምርግጋፅ፣ ምድንፋዕ

## *4.3. ፆታዊ ማዕርነት*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ምርጋግፅ ፆታዊ ማዕርነት ካብቶም መሰረታዊ እምነታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓደ እዩ፡፡ ስድራ ዝመሰረታ ትግራይ ናፅነት፣ ማዕርነታዊ ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ተኽብር ምዕብልቲ ትኸውን፡፡ ድሑር ልምድታትን ኣተሓሳስባታትን ብምእላይ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ብምዕባይ መፃኢ ትግራይ ኣብ ድልዱል ሰረት ምህናፅ ግድን ይኸውን፡፡

### ዝርዝር ፖሊሲታት

ሀ. ደቂ ኣንስተዮ ንብረት ናይ ምውናን፣ ምፍራይን መሰለን ክሕለውን ክረጋገፅን ምግባር

ለ. ማዕረ ዕድል ደቂ ኣንስትዮ ምርግጋፅ፤ ተሳተፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝዓብየሉ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክህሉ ምግባር

ሐ. እኹል ናይ ጥንስን ወሊድን ዕርፍቲ ክህልወን ምግባር

መ. ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ናይ ስራሕ ተሳትፎ ንክህልወንን ተጠቃምነትን ንክድንፍዕን መንግስቲ መዋእለ ህፃናት ብናፃ ዘቕርብ እንተኸውን ኣብ ስራሕ ቦታታት ድማ ፍሉያት ናይ ህጻናት መሕብሐቢ ማእኸላት ክህልዉ ክስራሕ እዩ

ረ. ፖለቲካዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብምድንፋዕን ዓቕመን ክብ ብምባልን ወሰንቲ ዝኾና መራሕቲ ንክህልዋ ምስራሕ

ሰ. ፆታዊ ጥቕዓት ዝፅየፍ ሕብረተሰብ ብምህናፅ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ዝተረጋገፀላ ትግራይ ምግሃድ

## 4.4. *ኣወዳድባ ስቪል ሰርቪስ ትግራይ*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ሰናይ ምምሕዳር ዘስፈነ፣ ሞያን ብቕዓትን ዝውነነ፣ ህዝቢ ዘዕግብ፣ ዝለዓለ ውፍይነትን ብሑራዊ ሓልዮትን ዝተላበሰ ስቪል ሰርቫንትን ሲቭል ሰርቪስን ምህናፅ

**ዝርዝር ፖሊሲታት፡**

ሀ. ስቪል ሰርቪስ ካብ ዘይግቡእ ፖለቲካዊ ኢድ ኣታውነት ፈፃሚ ኣካል መንግስትን ውድብን ወፅዩ፣ ነፃነቱ ሓልዩ ንህዝቢ ኣዕጋቢ ግልጋሎት ዝህብ፣ ሰናይ ምምሕዳር ዘስፍን፣ ግልፅነት ዘለዎ ኣስራርሓ ዝተኣታተወ፣ ኣሳታፊ ትካል ክኾን ምስራሕ

ለ. ናይ ሰራሕተኛታት መንግስቲ መሰልን ጥቕማ ጥቕምን ዝኽበረሉ፣ ግልፂ ዝኾነ ናይ ዕብየትን መተባብዕን መስርሕ ዘለዎ ኣሰራርሓ ምትእትታው

ሐ. ናይ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዕብየትን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን መዐቀኒ፡ ናይ ትምህርቲ ድልውነት፣ ብቕዓት፣ ኣፈፃፀማ ስራሕን ልምድን መሰረት ዝገበረ ንክኸውን ክስራሕ እዩ

መ. ንህዝቢ ዝቐረበ፣ ውፅኢታዊ፣ ንልምዓትን ዕቤትን ዝምቑ፣ ንተገልጋሊ ግቡእ ክብሪ ዝህብ ቅልጡፍ መንግስታዊ ግልጋሎት ክህሊ ምስራሕ

## 4.5. *ሰራሕተኛን መስርሕን ዝምልከት*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ፍትሓዊ ተጠቃምነትን ድሕንነትን ሰራሕተኛታት ብምርግጋፅ ኢንዱስትሪ ሰላም ክሰፍን ብምግባር ዘላቒ ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ፍትሓውነትን ንክድንፍዕ ምስራሕ።

**ዝርዝር ፖሊስታት**

ሀ. ናይ ሰራሕተኛን ወነንቲ ትካላትን (ሰብ ሃፍተን) ማሕበራት ንክጣየሻ ምግባር

ለ. እዘን ማሕበራት መሰል ሰራሕተኛ ወነንቲ ትካላትን ከይግሃስ ይነጥፋ

ሐ. ኣብ ናይ ሰብ ሃፍቲ ትካላት ይኹን መንግስታዊ ትካላት ልምዓት መሃያ ሰራሕተኛታት ኢድ ኣእታውነት መንግስቲ ከይሃለዎ ብዘተ ማሕበራት ሰራሕተኛን መስርሕን ይውሰን

መ. ሰራሕተኛታት ብወከልቶም ኣቢሎም ኣብ ቦርድ ትካላት ውክልና ይህልዎም

ረ. መንግስቲ ነዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ፖሊስታት ዝጥዕም ሕጋውን ትካላውን ሃዋህው ብምፍጣር ዝተወደበን ስልጡን ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክህሉ ይሰርሕ

ሰ. ማሕበራዊ ውሕስና ብምትእትታው ዝተረጋገፀን ጥዕንኡ ዝተዓቀበን ሰራሕተኛ ምፍጣር

## *4.6. ባህልን ስነ-ጥበብን ሓለዋ ቕርስታትን*

**ሓፈሻዊ ዕላማ ፡** መንነት፣ ክብርታት፣ ስነ ጥበብ፣ ቅርፃቕርፅን ቋንቋን ትግራይ ብዘላቒነት ዝሕለውሉ፣ ዝለምዐሉ፣ ዝድንፍዐሉ፣ ዝፋለጠሉን/ዝጋውሑሉን፣ ዝዕቀበሉን ኩነታት ምፍጣር

**ዝርዝር ፖሊሰታት**

ሀ. ንባህሊ፣ ስነ ጥበብን ሓለዋ ቕርስን ዝምልከት ፖሊሲ ምቕራፅ

ለ. ንባህሊ፣ ጥበብን ሓለዋ ቕርስን ዝሕለውን ዘማዕብሉን ማእኸላት ምርምርን ትካላትን ምጥያሽ

ሐ. ባህልን ስነጥበብን ትግራይ ዘፋልጡ ማእኸላት ምህናፅ

መ. ቕርስታት ዝሕለውሉን ዝጉብነየሉን ሙዝየማት ምህናፅ

ረ. መንነት ትግራይ ዝገልፁ ባህልታትን ጥበባትን ኣብ መላእ ዓለም ብመደበኛ መራኸብቲ ሓፋሻት፣ ብማሕበራዊ ሚድያን ብባህላዊ/ህዝባዊ ልኡኽን ብኹለ መዳይ ምፍላጥ።

ሰ. ቋንቋታትና ናይ ሳይነስን ቴክኖሊጅን ቋንቋታት ክንገብሮም ኢና። ነዚ ዝምጥን መሰረት ልምዓት ድማ ክዝርጋሕ እዩ።

ሸ. ባህሊ፣ ስነጥበብን ቅርስን ትግራይ ከም ሓደ ዓውደ ኢኮኖሚ ኾይኑ ፍልፍል እቶት ዝኾነሉን ዕድል ስራሕ ዝፍጠረሉን ምግባር

ቀ. ቢሮ ጥዕናን ትምህርትን ኣብ ስፖርቲ ብምንጣፍ ጥዕንኡ ዝተሓለወ ወለዶ ኣብ ምፍራይ ግቡኦን ክፍፅማ ምግባር

በ. ኣብ ቤት ዕዮታት ስፖርታዊ ምንቅስቓስ ወይ ንጥፈት ብምትእትታይ ጥዕንኡ ዝተሓለወ ሰራሕተኛ ምፍጣር

ተ. ባህላውን ዘመናውን ስፖርትታት ብምድንፋዕን ስፖርታዊ ጨዋታታት መግለፂ ባህሊ ትግራይን ፍልፍል እቶትን ክኾን ምግባር። ናይ ጉያ፣ ብሽክሌታ፣ ኩዕሶ እግሪ፣ ሰርከስ፣ ሓመሳ ዕቑር ዓቕሚ ዘለወን ቦታታት ብምፍላይ ንክድንፈዕ ምስራሕ

ቸ. ምስ ዕብየት ከተማታት ዝጠዓዓም ናይ ስፖርትን ባህላዊ ጨዋታን መጫወቲ ቦታታት ምህናፅ

ነ. ኣብ ስፖርት ዝግበር ኢንቬስትመንት ምትብባዕ፣ ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ስፖርተኛታት ምሕብሓብ፣ ምትብባዕን ልምዶም ከማሓልፉ ዕድል ምፍጣር

## *4.7. ሳይንስን ቴክኖሎጂን*

**ሓፈሻዊ ዕላማ፡** ንህልውን መፃኢን ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ዓቕሚ ትግራይ ዘልምዑን ዘደንፍዑን ሳይነሳውን ቴክኖሎጂካዊ ምህዞታት ምፍጣርን ምሰፋሕን፣ ድጅታል ግልጋሎት ዘለዋ ትግራይ ምህናፅን

**ዝርዝር ዕላማታት**

ሀ. ሓዱሽ ፖሊስ ሳይነስ ቴክኖሎጅን ምህዞን ምቕራፅ

ለ. ኣብ ቴክኖሎጂ መሰረት ዝገበረን ተወዳዳራይን ኢኮኖሚ ምህናፅ

ሐ. ዓበይቲ ናይ ቴክኖሎጀን ምህዞን ትካላት ምህናፅ

መ. መንግስትን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ተሳትፍቲ ምግባር

ረ. ቴክኖሎጂ ዝርዳእ፣ ዝጥቀምን ዝምህዝ ማሕበረሰብ ምፍጣር

ሰ. ኣማራፂታት ተሓዳሲ ልምዓት ሓይሊ ትግራይ ምድንፋዕ